# ውሽጣዊ ሕጊ

# ደንበ - ኣፍሪቃ

## ዝርዝር ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| **፩) ስምን ቦታን ዕላማን መደብን ትካል** | §§ 1 – 2 |
| ስም ትካልን ዝተመዝገበሉ ቦታን | § 1 |
| ዕላማን መደብን | § 2 |
| **፪) ኣባልነት** | §§ 3 – 12 |
| ምርካብ ኣባልነት | § 3 |
| ምቍራጽ ኣባልነት | § 4 |
| ምሕዳግ ኣባልነት | § 5 |
| ምምሕልላፍ ብርኪታት ኣባል | § 6 |
| ሞት ኣባል | § 7 |
| ምጥፋሽ ኣባል | § 7ሀ |
| ምፍራስ ወይ ምቍራጽ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ኣካል | § 8 |
| ምስጓጐ ኣባል | § 9 |
| ምድቕቃስ ሕሳብ | § 10 |
| መሰላት ኣባላት | § 11 |
| ግቡኣት ኣባላት | § 12 |
| **፫) ኣካላት ሓባራዊ ትካል** | §§ 13 – 36 |
| **ሀ) ቦርድ ኣመሓደርቲ** | §§ 14 – 21 |
| ኣመሓደርቲ ሓባራዊ ትካል | § 14 |
| ውክልና | § 15 |
| ዕማማትን ግቡኣትን ቦርድ ኣመሓደርቲ | § 16 |
| ምቕራብ ጸብጻብ ናብ ቦርድ ተቈጻጸርቲ | § 17 |
| ኣቀዋውማን ዝምድናን ስራሕን | § 18 |
| ኣወሃህባ ውሳነ | § 19 |
| ኣብ ኣኼባታት ቦርድ ተቈጻጸርቲ ምስታፍ | § 20 |
| ንቦርድ ኣመሓደርቲ ዝምልከት ለቓሕ | § 21 |
| **ለ) ቦርድ ተቈጻጸርቲ** | §§ 22 – 25 |
| ዕማማትን ግቡኣትን ቦርድ ተቈጻጸርቲ | § 22 |
| ሓባራዊ ኣኼባታት ቦርድታት ኣመሓደርትን ተቈጻጸርትን፡ ፍቓድ ዘድልዮም ጕዳያት | § 23 |
| ኣቀዋውማን ኣመራርጻን ቦርድ ተቈጻጸርቲ | § 24 |
| ኣቛሚ ኣኼባ፡ ኣወሃህባ ውሳነ | § 25 |
| **ሐ) ሓፈሻዊ ኣኼባ** | §§ 26 – 26 |
| ትግባረ መሰላት ኣባል | § 26 |
| ደረት ጊዜን ቦታ ኣኼባን | § 27 |
| ኣጸዋውዓ ኣኼባን ኣጀንዳን | § 28 |
| ኣቦ መንበር ኣኼባ | § 29 |
| ንውሳነ ዝቐርቡ ጕዳያት | § 30 |

| | |
|---|---|
| ኣድላዩነት ዓብላሊ ድምጺ | § 31 |
| ካብ ተሓታትነት ናጻ ምግባር | § 32 |
| ምሃብ ድምጽን ምምራጽን | § 33 |
| መሰል ምርካብ ሓበሬታ | § 34 |
| ደቓይቕ ኣኼባ | § 35 |
| ተሳታፍነት ማሕበራት | § 36 |
| ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ሓፈሻዊ ኣኼባ ምክያድ (ብማንዛ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ)፡ ብኣካል ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ብኦንላይን ምስታፍ | § 36ሀ |
| ብኣካል ጥራይ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ዝሓልፍ ውሳነ ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ምክፋል | § 36ለ |
| ሓፈሻዊ ኣኼባ ብቪድዮን ብድምጽን ምምሕልላፍ | § 36ሐ |

## ፬) ርእሰ-ማል §§ 37 – 40

| | |
|---|---|
| ብርክን ርእሰ-ማል ትካልን | § 37 |
| ሕጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ | § 38 |
| ተወሳኺ ተቐማጢ ገንዘብ | § 39 |
| ደጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ | § 39ሀ |
| ግዴታ ተወሳኺ ምኽፋል | § 40 |

## ፭) ኣተሓሕዛ ሕሳብ §§ 41 – 45

| | |
|---|---|
| ፊስካዊ ዓመት | § 41 |
| ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጽን ጸብጻብ ምሕደራን | § 42 |
| ዳግመ-ኽፍሊት | § 43 |
| ምደባ ዓመታዊ መኽሰብ | § 44 |
| ሽፋን ዓመታዊ ኽሳራ | § 45 |

## ፮) ምጽራይ § 46

## ፯) ምልክታ § 47

## ፰) ክለ-ስልጣን § 48

## ፩) ስምን ቦታን ዕላማን መደብን ትካል

### § 1 - ስም ትካልን ዝተመዝገበሉ ቦታን

(1) ስም ሓባራዊ ትካል፡-

# AFRICA – HOUSE eG

## (ደንበ - ኣፍሪቃ ም/ሓ/ ትካል)

(2) እዚ ሓባራዊ ትካል ዝተመዝገበሉ ቦታ ፍራንክፈርት ኣም ማይን እዩ።

### § 2 - ዕላማን መደብን

(1) ዕላማ እዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ቍጠባዊ ኹነታት ኣባላቱ ምትብባዕን ምምዕባልን ይኸውን።

(2) መደብ እዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ህንጻ ብምዕዳግን ማእከል ባህልን ንጥፈታትን ብምክያድን፣

ሀ) ባህልታትን ቋንቋታትን ኤርትራ ምኹስኳስ፣

ለ) ብዛዕባ ታሪኽን እዋናዊ ኹነታትን ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኽምኡ'ውን ናይ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ሓበሬታን ኣስተምህሮን ምቕራብ፣

ሐ) ስልጠናታትን ሰሚናራትን በዓላታን ውራያትን ዝካየደሎም ክፍልታት ንግዱሳት ኣካላት ምክራይ፣

መ) ኣብ መንጎ ኣፍሪቃን ኤውሮጳን ዘሎ ምቅርራብን ምርድዳእን ንምዕማቑን ንምስፍሑን ዝዳለዉ በዓላትን ኢጋጣሚታትን መካየዲ ኽፍልን ኣዳራሽን ድሉው ምግባር፣

ሰ) ምስ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ዝተኣሳሰር ዝኾነ ኻልእ ኣገልግሎት ንምክያድ ድሉው ምግባር ይኸውን።

(3) እዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ካልእ ትካላት ዋኒን ክምስርትን ክውንንን ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ትካላት ዋኒን ክካፈል ፍቓድ ይህልዎ። ብተወሳኺ ካልኦት ናይ ትካሉ ጨናፍራት ክምስርትን ከቝምን'ውን ፍቑድ ይኸውን።

(4) ኣባላት ዘይኮኑ ኣካላት ዝጽንብርን ዘሳትፍን ንጥፈታትን ስራሓትን ክካይድ ፍቑድ ይኸውን።

## ፪) ኣባልነት

### § 3 - ምርካብ ኣባልነት

(1) ኣባል ክኾኑ ዝኽእሉ፡-

ሀ) ባህራውያን ሰባት፡

ለ) ሕጋዊ ሰብነት ዘይብሎም ማሕበራት (Personengesellschaften)፡

ሐ) ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎም ኣካላት ብመሰረት ሲቪላዊ ወይ መንግስታዊ ሕጊ ጀርመን (privates oder öffentliches Recht) ይኾኑ።

(2) ኣመልካቲ መሳለጥያታት ናይ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ንምጥቃም ዝሕተት ቅድመ-ኹነት ምስ ዘማልእ ወይ ኣባልነቱ ነዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ዘርብሕ ምስ ዝኸውን ጥራይ ከም ኣባል ተቐባልነት ይህልዎ። ምስ ንጥፈታት'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ዝመሳሰል ወይ ዝወዳደር ንጥፈታት ኣብ ዘካይድ ማሕበር ኣቐዲሙ ኣባል ምስ ዝኸውን ወይ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ባዕሉ ምስ ዘካይድ ወይ ብኻልእ ኣካል ከም ዝካየድ ምስ ዝገብር ከም ኣባል ተቐባልነት ኣይህልዎን።

(3) ኣባልነት፡-

ሀ) ብኣመልካቲ ግድን ክቐርብ ዘሎዎ ናይ ኣባልነት መግለጺ ብምፍራም፣

ለ) እንተወሓደ ሓደ ብርኪ ናይ 500 ይሮ (§ 37 ርእ) ብምዕዳግ፣

ሐ) ብቦርድ ኣመሓደርቲ ፍቓድ ብምርካብ ክርከብ ይከኣል።

ናይ ኣባልነት መግለጺ ቕድሚ ምቕራቡ፡ ኣመልካቲ ሓደ ቕዳሕ ናይ ሽዕኡ ቕቡል ዝኾነ ውሽጣዊ ሕጊ ናይ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ኽወሃቦ ይግባእ። ውሽጣዊ ሕጊ ትካል ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ምስ ዝህሉ፡ ኣመልካቲ ድማ ኣብ ወረቐት ኣሕቲሙ ኽረኽቦ ምስ ዝኽእል ኣኻሊ ይኸውን።

(4) ኣመልካቲ/ት ምስ ዝንጸግ/እትንጸግ፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰሙን ኣብ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ይግባይ ክቕርብ/ክተቕርብ ይከኣል። ውሳነ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

(5) ኣባል ብሉንብሉ ኣብ ሊስታ ኣባላት (§ 16 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ፊደል ቀ) ክምዝገብን ብዛዕባኡ ድማ ኽሕበርን ይግባእ።

## § 4 - ምቁራጽ ኣባልነት

ኣባልነት፡

ሀ) ብምሕዳግ (§ 5 ንኡስ ዓንቀጽ 1)፣

ለ) ብምምሕልላፍ ብርኪታት ኣባል (§ 6 ንኡስ ዓንቀጽ 1)፣

ሐ) ብሞት ኣባል (§ 7)፣

መ) ብምጥፋሽ ኣባል (§ 7ሀ)፣

ሰ) ብምፍራስ ወይ ብምቁራጽ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ኣካል (§ 8)፣

ረ) ብምስጓጉ (§ 9) ይቋረጽ።

## § 5 - ምሕዳግ ኣባልነት

(1) ነፍስ-ወከፍ ኣባል ኣብ መወዳእታ ፊስካዊ ዓመት ኣባልነቱ ኽሓድግ ወይ ካብ ሓባራዊ ትካል ክሰናበት ይኽእል። ፊስካዊ ዓመት ቅድሚ ምውድኡ ግን፡ እንተወሓደ 12 ኣዋርሕ ኣቐዲሙ፡ ከም ዝሓድጎ ወይ ከም ዝሰናበት ንሓባራዊ ትካል ብጽሑፍ ክሕብር ይግባእ።

(2) ኣባል ሓያሎ ብርኪታት ምስ ዝውንን፡ እንተወሓደ 12 ኣዋርሕ ኣቐዲሙ ብጽሑፍ ብምግላጽ ካብ ዋንነት ናይ ሓደ ወይ ሓያሎ ብርኪታት ኣብ መወዳእታ ፊስካዊ ዓመት ክሰናበት ይኽእል።

(3) ኣባል ብሓባራዊ ትካል ክሰናበት ኣይክእልን። – ንምስጓጉ ኣባል ዝምልከት መምርሒታት (§ 9) በዚ ኣይጽሎን።

## § 6 - ምምሕልላፍ ብርክታት ኣባል

(1) ኣባል ፊስካዊ ዓመት ዋላ ኸይተወደአ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ኣብ ሓባራዊ ትካል ንዘሎዎ ብርኪ ወይ ብርክታት ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላልፎ ይኽእል። ብጽሑፍ ተወዓዒሉ ብጽሒቱ ድሕሪ ምምሕልላፉ ብዘይ ምቅሊት ካብ ሓባራዊ ትካል ክወጽእ ይኽእል። እቲ ኣብ ክንድኡ ዝወስዶ ኻልእ ኣካል ግን ኣቐዲሙ ኣባል ዝኾነ ወይ ኣባል ክኸውን ዕላማ ዘሎዎ ኽኸውን ኣሎዎ።

(2) ሓደ ኣባል ካብ ሓባራዊ ትካል ከይወጸ ሓደ ኽፋል ካብ ብጽሒቱ ናብ ካልእ ኣካል ብምምሕልላፍ ብዝሒ ዝውንኖ ብርክታት ክቕንሶ ይኽእል። ኣብ'ዚ'ውን ንኡስ ዓንቀጽ 1 ተፈጻምነት ይህልዎ።

(3) ምምሕልላፍ ብርኪ፡ ብዘይካ ኣብ § 76 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ናይ ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (Genossenschaftsgesetz) ተጠቒሶም ዝርከብ ጉዳያት፡ ፍቓድ ናይ ቦርድ ኣመሓደርቲ የድልዮ።

## § 7 - ሞት ኣባል

ኣባል ምስ ዝመውት ኣባል ምዃን የቛርጽ። ኣባልነቱ ድማ ናብ ወረስቱ ይሰጋገር። ኣባልነት ወረስቲ ኣብ መወዳእታ ናይ'ቲ ውርሲ ዝተኻየደሉ ፊስካዊ ዓመት ይቋረጽ።

## § 7ሀ - ምጥፋሽ ኣባል

ኣብ ልዕሊ ንብረት ኣባል መስርሕ ዕዳ ቈርነት (Insolvenzverfahren) ምስ ዝጅመር ወይ ምጅማር መስርሕ ዕዳ ቈርነት እኹል ንብረት ብዘይ ምህላዉ ምስ ዝንጸግ፡ ኣባልነቱ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ መስርሕ ዕዳ ቈርነት ዝጅምረሉ ወይ እኹል ንብረት ብዘይ ምህላዉ ዝንጸገሉ ፊስካዊ ዓመት ይቋረጽ።

## § 8 - ምፍራስ ወይ ምቍራጽ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ኣካል

ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ኣካል ምስ ዝፈርስ ወይ ዝቋረጽ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ዝፈርሰሉ ወይ ዝቋረጸሉ ፊስካዊ ዓመት ኣባልነቱ ይቋረጽ። ሓፈሻዊ ውርሲ ምስ ዝካየድ ድማ፡ ሓፈሻዊ ውርሲ ዝቕበል ኣካል ንኣባልነት ክሳዕ መወዳእታ ናይ'ዚ ፊስካዊ ዓመት ይቕጽሎ።

## § 9 - ምስጓጉ

(1) ኣባል ካብ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ኣብ መወዳእታ ፊስካዊ ዓመት፡

ሀ) ናይ ምስጓጉ መጠንቀቕታ ብጽሑፍ ዋላ'ኳ እንተተዋህቦ፡ በዚ ውሽጣዊ ሕጊ ወይ ብኻልእ ስምምዕ መሰረት ካብ ሓባራዊ ትካል ዝሕተቱ ግዴታታት ምስ ዘየማልእ፣

ለ) ዘይቅኑዕ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ወይ ናይ ንብረት ጸብጻብ ምስ ዘቕርብ ወይ ብተወሳኺ ብዛዕባ ሕጋዊ ከምኡ'ውን/ወይ ቍጠባዊ ኹነታቱ ቅኑዕ ወይ ዘይምሉእ መረዳእታ ምስ ዘቕርብ፣

ሐ) ከማልኦ ዝግብኦ ግዴታታት ናይ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ብዘይ ምፍጻሙ ኣብ ልዕሊ ረብሓ ትካል ጉድኣት ዘውርድ ወይ ኣውሪዱ ምስ ዝኸውን፣

መ) ዕድኡ ኽኸፍል ዘይክእል ምስ ዝኸውን ወይ ልዕሊ ዓቕሙ ምስ ዝዕደ ወይ ኣብ ልዕሊ ንብረቱ መስርሕ ዕዳ ቈርነት (Insolvenzverfahren) ክጅመር ተመልኪቱ ምስ ዝኸውን፣

ረ) ትካል ዋኒኑ ወይ ዝተመዝገበሉ ቦታ ወይ መንበሪ ቦታኡ ምስ ዝቕይር ወይ ቀዋሚ መንበሪ ቦታኡ ዘይፍሉጥ ምስ ዝኸውን፣

ሰ) ኣብ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ኣባልነት ከውህበካ ዝኽእል ቅድመ-ኹነት ምስ ዘይማልእ ወይ ዘይተማልአ ምስ ዝኸውን፣

ሸ) ምስ'ዚ ሓባራዊ ትካል ዝወዳደር ናይ ባዕሉ ዋኒን-ትካል ምስ ዘካይድ ወይ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ዋኒን-ትካል ተኻፋሊ ምስ ዝኸውን ወይ ኣብ ትካሉ ምስ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ዝወዳደር ካልእ ዋኒን-ትካል ዝካፈል ምስ ዝኸውን፣

ቀ) ጠባዩ ወይ ኣካይዳኡ ምስ ረብሓ ናይ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ዘይሳነ ወይ ዘይሰማማዕ ምስ ዝኸውን ክስጐጐ ይከኣል።

(2) ቦርድ ኣመሓደርቲ ናይ ምስጓጉ መዝነት ይህልዎ። ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ቦርድ ተቈጻጸርቲ ግን ብውሳነ ሓፈሻዊ ኣኼባ ጥራይ ክስጐጐ ይግባእ።

(3) ውሳነ ቕድሚ ምሕላፉ፡ ዝስጐጐ ኣካል ብዛዕባ ዝተመደበ ምስጓጉ ቃሉ ኽህብ ዕድል ክወሃብ ይግባእ። ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ'ዚ ጠንቂ መስጐጉኡ ዝኾኑ ኣገደስቲ ጭብጥታት፡ ከምኡ'ውን ብመሰረት ውሽጣዊ ሕጊ ዘስጉጎ ምኽንያት ክሕበሮ ይግባእ።

(4) ኣባል ንኽስጐጐ ውሳነ ምስ ዝሓልፍ፡ ጠንቂ መስጉጉኡ ዝኾኑ ጭብጥታት ከምኡ'ውን ብመሰረት ውሽጣዊ ሕጊ መስጐጉኡ ዝኾነ ምኽንያት ኣብ ዝሓልፍ ውሳነ ኽጥቀስ ይግባእ።

(5) ቦርድ ኣመሓደርቲ ብዛዕባ ዝሓለፈ ውሳነ ከይደንጐየ ብመገዲ ምዝጉብ-ደብዳበ (per Einschreiben) ንዝተሰጐ ኣባል ኽሕብሮ ኣሎዎ። ኣባል ደብዳበ ምስ ተላእኾ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኽሳተፍ ወይ መሳለጥያታት ናይ'ዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ኽጥቀም ከምኡ'ውን ኣብ ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ቦርድ ተቛጻርቲ ኣባል ክኸውን ኣይክእልን።

(6) ዝተወስደ ውሳነ ብሓፈሻዊ ኣኼባ ዝሓለፈ እንተ ዘይኮይኑ፡ ዝተሰጐ ኣባል ደብዳበ ብዝተላእኸ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ተቓውሞኡ ኽቕርብ ይኽእል። ብቦርድ ተቛጻጸርቲ ዝወሃቦ መልሲ ንሓባራዊ ትካል ብዝምልከት ናይ መወዳእታ ውሳነ ይኸውን። ዝተሰጐ ኣባል ኣብ ቤት ፍርዲ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰሉ ሕሉው ኮይኑ፡ ይግባይ ክቕርበሉ ዝግባእ ጊዜ ምስ ዝሓልፍ ግን ውዱቕ ይኸውን።

## § 10 - ምድቕቓስ ሕሳብ

(1) ኣብ መንጐ ዝሰናበት ኣባልን ሓባራዊ ትካልን ኣብ ዝግበር ምድቕቓስ ሕሳብ ዝጸደቐ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ወሳንነት ይህልዎ። ዝሰገረ ኽሳራ (Verlustvorträge) ኣብ ሕሳብ ናይ ዝሰናበት ኣባል ብመጠን ዝውንኖ ብጽሒት ኣብ ግምት ይኣቱ። ጉዳይ ምምሕልላፍ ብርኪታት ኣባል (§ 6) እንተደኣ ኾይኑ፡ ምድቕቓስ ሕሳብ ኣይፍጸምን።

(2) ኣባል ድሕሪ ምስንባቱ ብምድቕቓስ ዝብጽሖ ሕሳብ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ክኽፈሎ ይግባእ። ምድቕቓስ ኣብ ዝፍጸመሉ ኹነት፡ ዝሰናበት ኣባል ንሓባራዊ ትካል ክኸፍሎ ዝግብኦ ዕዳ ምስ ዝህሉ፡ ሓባራዊ ትካል በቲ ንኣባል ብምድቕቓስ ዝኸፍሎ ብጽሒት ከተኻኽሎ ወይ ከመዓራርዮ መሰል ኣሎዎ። ዝሰናበት ኣባል ኣብ ልዕሊ ተቐማጢ ገንዘብን ካልእ ንብረትን ናይ ሓባራዊ ትካል ናይ ይግብኣኒ መሰል ኣይህልዎን።

(3) ካብ ምድቅቓስ ዝርከብ ሕሳብ ናይ ኣባል ንዝኾነ ጒድለት፡ ብፍላይ መስርሕ ዕዳ ቈርነት (Insolvenzverfahren) ኣብ ልዕሊ ኣባል ኣብ ዝህልወሉ ኹነት፡ ብሓባራዊ ትካል ከም ትሕጃ ተሓታቲ ይኸውን።

(4) ብኣባል ካብ ብርኪታት በብንጽል ኣብ ዝፍጸም ምስንባት'ውን ንኡስ ዓንቀጻት 1 ክሳብ 3 ተፈጻምነት ይህልዎም።

## § 11 - መሰላት ኣባላት

ነፍስ-ወከፍ ኣባል፡

ሀ) መሳለጥያታት ሓባራዊ ትካል ንኣጠቓቕማኡ ዝምልከት መምርሒታት ብምኽባር ናይ ምጥቃም መሰል ይህልዎ። ነዚ ብዝምልከት ኣብ ስርዓት ወይ ሕጊ ኣጠቓቕማ ናይ ሓባራዊ ትካል ተዘርዚሩ ይርከብ።

ለ) ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ዝካየዱ ምይይጣትን ዝርርባትን ኣብ ድምጺ ምሃብን ምምራጽን ናይ ምስታፍ፡ ከምኡ'ውን ምስ § 34 ዝጸረር ክሳዕ ዘይኮነ ንጉዳያት ሓባራዊ ትካል ብዝምልከት ሓበሬታ ናይ ምሕታት መሰል ይህልዎ።

ሐ) ብመሰረት § 28 ንኡስ ዓንቀጽ 4 ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣጀንዳ ዝኸውን እማመታት ናይ ምቕራብ መሰል ይህልዎ።

መ) ብመሰረት § 28 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ካብ ስሩዕ ወጻኢ ዝኾነ ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይ ምጽዋዕ መሰል ይህልዎ።

ረ) ብመሰረት ውሽጣዊ ሕጊ ትካል ኣብ ዝውሰን ዝካየድን ምቕረሓ መኽሰብ ናይ ምክፋል መሰል ይህልዎ። (ምስ § 43 ይነጻጸር።)

ሸ) ሓፈሻዊ ኣኼባ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ቕድሚ ምጽዳቑ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ፡ ብሕጊ ተደላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ቅዳሕ ናይ ጸብጻብ ምሕደራ፡ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ናይ ጸብጻብ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ናይ ምሕታት መሰል ይህልዎ።

ቀ) ደቓይቕ (ፕሮቶኮል) ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይ ምርኣይ መሰል ይህልዎ።

ቐ) ሊስታ ኣባላት ናይ ምርኣይ መሰል ይህልዎ።

በ) ጽማቕ ጸብጻብ ናይ ኦዲተር ናይ ምርኣይ መሰል ይህልዎ።

## § 12 - ግቡኣት ኣባላት

ነፍስ-ወከፍ ኣባል ንሓባራዊ ትካል ብዝተኻእሎ መጠን ናይ ምሕጋዝን ምድጋፍን ግዴታ ይህልዎ። ኣባል ብፍላይ

ሀ) ንዓንቀጻት ናይ ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (Genossenschaftsgesetz) ኮነ ናይ ውሽጣዊ ሕጊ ትካል ከምኡ'ውን ንውሳነታት ሓፈሻዊ ኣኼባ ከኽብርን ክምእዘዝን ግዴታ ይህልዎ።

ለ) ቅጥዒ ኣሰራርሓን ኣገባብ ኣበጻጽሓን ኣከፋፍላ ኽፍሊትን ብዝምልከት ተፈጻምነት ንዘሎዎ ሓፈሻዊ መምርሒ ወይ ሕጊ ኸኽብር ግዴታ ይህልዎ።

ሐ) ናይ ሓባራዊ ትካል ዝኾኑ ናይ ቀረብ ሰነዳት፡ ዋጋታትን ኣገባባቶምን፡ ዘዋሪ ወረቓቕትን ካልእ ሓበሬታትን ካብ ኣባላት ዘይኮኑ ኣካላት ብምስጢር ናይ ምሓዝ ወይ ምዕቃብ ግዴታ ይህልዎ።

መ) ተደላዪ ዝኾነ ሰነዳት ብሓባራዊ ትካል ምስ ዝእዘዝ ከረክብን፡ ብፍላይ ዝምልከቶ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ከቕርብን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኹነታት ዋኒኑን ምዕባለ እቶቱን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዓይነታት ዘቕርቦ ፍርያት ሓበሬታ ኽህብን ግዴታ ይህልዎ። ሓባራዊ ትካል ንዝወሃብ ሓበሬታ ብምስጢር ይተሓዝ።

ረ) ኣብ ውድባዊ ቕርጽን ኵነታት ዋንነትን ናይ ዋኒን-ትካሉ ዝኾነ ለውጢ ምስ ዝግበር፡ ብኡ ንብኡ ንሓባራዊ ትካል ክሕብር ግዴታ ይህልዎ።

ሰ) መጠኑን ኣገባብ ኣከፋፍልኡን ብዝምልከት ሓፈሻዊ ኣኼባ ምስ ዘጽድቖ፡ ናብ ደጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ (Kapitalrücklage) (§ 39 ሀ) ዝምደብ ክፍሊት ኣባልነት ክኸፍል ግዴታ ይህልዎ።

ረ) ብሓባራዊ ትካል ንኣባላት ናይ ዝቐርብ ወይ ድሉው ናይ ዝግበር ኣገልግሎት ዝኸፈል መጠኑ ብሓፈሻዊ ኣኼባ ዝውሰን ስሩዕ ክፍሊት ናይ ምኽፋል ግዴታ ይህልዎ።

## ፫) ኣካላት ሓባራዊ ትካል

### § 13 - ኣካላት ሓባራዊ ትካል

ኣካላት ሓባራዊ ትካል

ሀ) ቦርድ ኣመሓደርቲ

ለ) ቦርድ ተቖጻጸርቲ

ሐ) ሓፈሻዊ ኣኼባ ይኾኑ።

## ሀ) ቦርድ ኣመሓደርቲ

### § 14 - ኣመሓደርቲ ሓባራዊ ትካል

(1) ቦርድ ኣመሓደርቲ ንሓባራዊ ትካል ብሓላፍነት የመሓዳር።

(2) ቦርድ ኣመሓደርቲ ድንጋገታት ሕግታት፡ ብፍላይ መምርሒታት ናይ ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (Genossenschaftsgesetz) ከምኡ'ውን ናይ ውሽጣዊ ሕጊ ትካልን ናይ ሕጊ ኣሰራርሓ ቦርድ ኣመሓደርትን ብዝእዝዞ መሰረት ንጥፈታትን ዕማማትን ሓባራዊ ትካል የመሓድርን የካይድን።

(3) ቦርድ ኣመሓደርቲ ብመሰረት § 15 ኣብ ፍርዳውን ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ኣብ ዝቐርቡን ጉዳያት ንሓባራዊ ትካል ይውክል።

### § 15 - ውክልና

(1) ሓባራዊ ትካል እንተወሓደ ብኽልተ ኣባላት ናይ ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ጠቕላላ ስልጣን ውክልና ዘሎዎ ኣካል (Prokurist) ከም ካልኣዩ ምስ ዘሰንዮ ብሓደ ኣባል ናይ ቦርድ ኣመሓደርቲ ይውክል። ብመሰረት § 181 ኣማራጺ 2 ናይ ስቪላዊ ሕጊ ጀርመን (§ 181 Alternative 2 BGB) ብዙሓት ወገናት ምውካል ክልኩል ኮይኑ፡ ቦርድ ተቈጻጸርቲ ኻብ'ዚ ዝኽልክል ዓንቀጽ'ዚ ንኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ብውልቂ ወይ ብዅሎም ናጻ ኽገብሮም ዝከኣል ይኸውን። እዚ ማለት ሓባራዊ ትካል ምስ ሳልሳይ ወገን ኣብ ዝዓምሞ ዘበለ ሕጋዊ ተግባራት፡ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ከም ወኪል ናይ ሳልሳይ ወገን ኮይኖም'ውን ክዋስኡ ዝፍቀዶም ይኸውን።

(2) ሕጋዊ ውክልና ዘኽእል ጠቕላላን ፍሉይን ካልእ ዝዓይነቱን ስልጣን ውክልና ምሃብ ፍቑድ ይኸውን። ተወሳኺ ዝርዝሩ ብሕጊ ኣሰራርሓ ናይ ቦርድ ኣመሓደርቲ ዝግዛእ ይኸውን።

### § 16 - ዕማማትን ግቡኣትን ቦርድ ኣመሓደርቲ

(1) ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣብ ስርሖምን ንጥፈታቶምን ጥንቃቐን ጽፈትን ከዘውትሩ ይግባእ። ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ኾይኖም ኣብ ስርሖምን ንጥፈታቶምን ዝረኸብዎ ዘበለ ሓበሬታን ምስጢራትን ትካል ብምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ይህልዎም።

(2) ቦርድ ኣመሓደርቲ ብፍላይ

ሀ) ምስ ዕላማን መደብን ሓባራዊ ትካል ብዝሳነ ኣገባብ ስራሕ ትካል ከካይድ ይግብኦ።

ለ) ንመካየዲ ስራሕ ትካል ዘድሊ ግቡእ ናይ ሰብን ናይ ማተርያልን መደብ ብእዋኑ ኽውጥንን ክሕንጽጽን ይግብኦ።

ሐ) ዝለኣኽ ኣቕሑን ዝወሃብ ኣገልግሎትን ብግቡእ ከም ዝቐርብ፡ ኣባላት ትካል ድማ ብግቡእ ከም ዝተሓዙ ኸውሕስን ከረጋግጽን ይግብኦ።

መ) ምስ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ብምምኽኻር፡ ብቦርድ ኣመሓደርቲ ብምሉእ ስምምዕ ዝውሰንን ብኹሎም ኣባላቱ ድማ ዝፍረምን ስርዓት ወይ ሕጊ ኣሰራርሓን ኣካይዳን ክሰርዕን ኸቖምን ይግብኦ።

ረ) ግቡእ ኣተሓሕዛ መዝገብን ብቑዕ ኣተሓሕዛ ሕሳብን ከም ዝህሉ ኸገብር ይግብኦ።

ሰ) ግቡእ ዝርዝራት ፍቕዲ (Inventuren) ክካይድን ኣብ መወዳእታ ፊስካዊ ዓመት ሊስታ ናይ ዝርዝር ፍቕዲ ኣዳልዩ ንቦርድ ተቛጻጸርቲ ድማ ኸቕርበሉን ይግብኦ።

ሸ) ፋይናስያዊ ዓመት ድሕሪ ምሕላፉ፡ እንተደንጕየ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ኣዋርሕ፡ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጽን ብሕጊ ተደላዩ ምስ ዝኸውን ድማ ጸብጻብ ምሕደራን ኣዳልዩ ንቦርድ ተቛጻጸርቲ ርእይቶኡ ኽህበሉ ኸይደንጐየ ኣረኪቡ፡ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ንዘጽድቕ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኸቕርበሉ ይግባእ።

ቀ) ብዛዕባ ምቕባል ሓደሽቲ ኣባላትን ምዕዳግ ተወሳኺ ብርኪታትን ክውስን፡ ከምኡ'ውን ብመሰረት ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (Genossenschaftsgesetz) ሊስታ ኣባላት ክሕዝን ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን ዝእዝዞ ምዝገባን ምልክታን ክካይድን ይግብኦ።

ቐ) ንሓፈሻዊ ኣኼባ ብዝምልከት ብዛዕባ ኣጸዋውዓ ኣኼባን ቈጻራን ኣጀንዳን እማመታትን ንኡዲት ዝገብር ሕጋዊ ተቛጻጻሪ ማሕበር ብእዋኑ ኸፍልጦ ይግብኦ።

በ) ኣብ ጸብጻብ ተቛጻጻሪ ኦዲተር ዝተጠቕሰ ጉድለታት ክእርምን ንኡዲት ዝገብር ሕጋዊ ተቛጻጻሪ ማሕበር ድማ ብዛዕባ'ዚ ኸሕብርን ይግብኦ።

ቨ) ብዛዕባ ዝተመደበ ምሕየሻ ውሽጣዊ ሕጊ ትካል ንኡዲት ዝገብር ሕጋዊ ተቛጻጻሪ ማሕበር ኣብ ጊዝኡ ኸሕብር ይግብኦ።

## § 17 - ምቕራብ ጸብጻብ ናብ ቦርድ ተቛጻጸርቲ

ቦርድ ኣመሓደርቲ እንተወሓደ ሓንሳዕ ኣብ ዓመት ወይ ጠለብ ምስ ዝህሉ ድማ ኻብ'ዚ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ፡ ንቦርድ ተቛጻጸርቲ እዚ ዝስዕብ ከቕርበሉ ይግባእ፦

ሀ) ኣብ መንጎ ዝተኻየደ ፋይናንስያዊ ገምጋማት ምርኩስ ብምግባር፡ ሓፈሻዊ መግለጺ ብዛዕባ ኹነታትን ምዕባለን ሓባራዊ ትካል ናይ ዝሓለፈ ጊዜ፣

ለ) ዝርዝር ጠቕላላ ዕዳታት ናይ ሓባራዊ ትካል፡ እንኮላይ ናይ ዕድድግ ፋክቱራትን ናይ ዋሕስ ግዴታታትን፣

ሐ) ብሓባራዊ ትካል ብዛዕባ ዝተዋህቡ ለቓሓት ሓፈሻዊ መግለጺ፣

መ) ውጥንን መደብን ትካል፡ ብፍላይ ዘድሊ ወፍርን ርእሰ-ማልን ዘርእን ዘረድእን፣

ረ) ጸብጻብ ብዛዕባ ፍሉይ ዝኾነ ጉዳያት። ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ኣቦ መንበር ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣቐዲሙ ብቕልጡፍ ክሕበር ይግባእ።

## § 18 - ኣቀዋውማ ቦርድ ኣመሓደርትን ዝምድና ስራሕን

(1) ቦርድ ኣመሓደርቲ እንተወሓደ ብኽልተ ኣባላት ይቕውም። ምሉእ ሰዓታት ዘይሰርሑ ኣባላት ናይ ቦርድ ኣመሓደርቲ ርእሶም ዝኽእሉ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ዝነጥፉ ወይ ኣባላት ዝኾና ማሕበራት ናይ ምውካል ፍቓድ ዘሎዎም ክኾኑ ይግባእ።

(2) ምሉእ ሰዓታት ዝሰርሑ ኣካየድቲ ስራሕ ናይ ሓባራዊ ትካል ኣብ ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣባላት ክኾኑ ይግባእ።

(3) ቦርድ ኣመሓደርቲ ብቦርድ ተቛጻጸርቲ ይምዘዝን ይሰናበትን። ምስ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ዝግበር ውዕላት ስራሕ ናይ ምውሳኑን ምቕያሩን ናይ ምቕራጹን መዝነት ናይ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ይኸውን። መግለጺታት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብኣቦ መንበሩ፡ ምስ ዘይክእል ድማ ብምኽትሉ ይወሃብ። ዝምድና ስራሕ ናይ ኣባል ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣብ ዝቋረጸሉ ጊዜ፡ ኣብ ቦርድ ዝነበሮ መዝነት'ውን ምስኡ ይቋረጽ።

(4) ምሉእ ሰዓታት ዘይሰርሑ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ንሰለስተ ዓመታት ይምዘዙ። መሊሶም ንመዝነት ክምረጹ ፍቑድ ይኸውን።

## § 19 - ኣወሃህባ ውሳነ

(1) ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ምስ ዝካፈሉ ምልኣተ-ጉባኤ ይህሉ። ውሳነታቱ ኣባላት ቦርድ ብዝህብዎ ዓብላሊ ድምጺ የሕልፍ። ኣብ ጉዳይ ናይ § 16 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ፊደል መ ብዝምልከት ምሉእ ስምምዕ የድሊ። ናይ ድምጺ ጃላነት (Stimmengleichheit) ኪጋጥም እንከሎ፡ ንውሳነ ዝቐርብ እማመ ወይ ሓሳብ ከም ንጹግ ይቑጸር።

(2) ካብ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ዝቃወሞ እንተዘየለ፡ ኣኼባ ኸይተጋብአ ብጽሑፍ ወይ ብኻልእ ናይ ርሑቕ መራኸቢ ድምጺ ብምሃብ ውሳነ ኽሓልፍ ፍቑድ ይኸውን።

(3) ዝውሰዱ ውሳነታት ክንዮ ዝወቱርን ስሩዕን ዝኾነ ስራሕ ትካል ዝኸዱን ዝምልከቱን እንተኾይኖም፡ ዝሓልፉ ውሳነታት መወከሲ ንኽኾኑ ኣብ ደቓይቕ ክምዝገቡ ይግባእ። እዞም ደቓይቕ ተኸታታሊ ቑጽሪ ክወሃቦምን ኣብ ውሳነ ብዝተኻፈሉ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ኽፍረሙን ይግባእ።

(4) ኣብ ሓባራዊ ትካል ዝካየድ ዝርርብን ምይይጥን ንረብሓ ናይ ኣባል ቦርድ ኣመሓደርቲ፡ ናይ በዓል ቤቱ ወይ መጻምድቱ፡ ናይ ወለዱ፡ ናይ ደቁን ናይ ኣሕዋቱን ወይ ናይ ሓደ ብመሰረት ሕጊ ወይ ብስልጣን ውክልና ብእኡ ዝተወከለ ኣካል ዝትንከፍን ዝምልከትን ጉዳይ ምስ ዝኸውን፣ እዚ ዝምልከቶ ኣባል ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝርርብን ምይይጥን ዝወሃብ ድምጽን ክካፈል ኣይፍቀድን። እንተኾነ ግን ውሳነ ቕድሚ ምሕላፉ ቓሉ ኽስማዕ ይግባእ።

## § 20 - ኣብ ኣኼባታት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ምስታፍ

ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ ኣኼባኡ ንኸይሳተፉ ፍሉይ ውሳነ ዘየሕለፈ እንተኾይኑ፡ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣብ ኣኼባታት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኽሳተፉ ፍቑድ ይኸውን። ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣብ ኣኼባታት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብዛዕባ ስራሕን ንጥፈታትን ትካል ዘድሊ ሓበሬታ ኽህብ ይግባእ።

## § 21 - ንኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ዝምልከት ለቓሕ

ንኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ፡ ንበዓል/ቲ ቤቶም ወይ መጻምድቶም፡ ንትሕተ-ዕድመ ቈልዑ ከምኡ'ውን ኣብ ክንዲ'ዞም ዝተጠቕሱ ንዝዋሳእ ኣካል ዝወሃብ ለቓሕን ካልእ ቊጠባዊ ጥቕምን ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣቐዲሙ ኽፍቅደሉ ይግባእ።

### ለ) ቦርድ ተቛጻጸርቲ

## § 22 - ዕማማትን ግቡኣትን ቦርድ ተቛጻጸርቲ

(1) ቦርድ ተቛጻጸርቲ ስራሕን ንጥፈታትን ቦርድ ኣመሓደርቲ ይከታተልን ይቈጻጸርን። ነዚ ንምግባር ድማ ካብ ቦርድ ኣመሓደርቲ ብዛዕባ ጉዳያት ሓባራዊ ትካል እኹል ሓበሬታ ኽወሃቦን ክረክብን ይግባእ። ነዚ ብዝምልከት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኻብ ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ጸብጻብ ክሓትት ይኽእል። ብተወሳኺ ባዕሉ ወይ ነዚ ዕዮ ብዝመዘዞም ኣባላቱ ጌሩ

ደብተራትን ሰነዳትን ናይ ሓባራዊ ትካል ከምኡ'ውን ትሕዞ ካሳን ትሕዞ መተኣማመንን ኣቕሑን ክሪኦን ብኦዲተር ክምርምሮን ይከኣል። ኣባል ቦርድ ተቛጻጸርቲ'ውን ብውልቁ ሓበሬታ ኽወሃቦ ኽሓትት ዝኽእል ኮይኑ፡ ሕቶኡ ግን ናብ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ጥራይ ዝቐርብ ይኸውን።

(2) ቦርድ ተቛጻጸርቲ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ፡ ብሕጊ ተደላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ጸብጻብ ምሕደራ ከምኡ'ውን ዓመታዊ መኽሰብ ኣበየናይ ጥቕሚ ኽም ዝውዕል ወይ ዓመታዊ ኽሳራ ብኸመይ ከም ዝሸፈን ብዝምልከት ብቦርድ ኣመሓደርቲ ንዝቐርብ እማመ ኽምርምሮን ርእይቶኡ ኽህበሉን ይግባእ። ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ቕድሚ ምጽዳቑ ንሓፈሻዊ ኣኼባ ጸብጻቡ ኽቐርበሉ ይግባእ። ነፍስ-ወከፍ ኣባል ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብዛዕባ ትሕዝቶ ጸብጻብ ተቛጻጸርቲ ኣፍልጦ ኽህልዎ ግቡእ ይኸውን።

(3) ቦርድ ተቛጻጸርቲ፡ ብሕግን በዚ ውሽጣዊ ሕግን ካብኡ ዝጥለቡ ዘበሉ ግቡኣት መታን ከማልእ፡ ካብ ማእከሉ ኮሚተታት ከቕምን እዚ ሓባራዊ ትካል'ዚ ብዝሸፍኖ ወጻኢታት ሓገዝ ኪኢላታት ክውክስን ይኽእል። ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኮሚተታት ምስ ዘቐሙ፡ ብዛዕባ ዝህልወን ናይ ምምካር ወይ ናይ ምውሳን መዝነትን ብዛዕባ ብዝሒ ኣባላተንን ይውስን። ሓንቲ ኮሚተ እንተወሓደ ብሰለስተ ሰባት ክትቀውም ይግባእ። ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት ኮሚተ ምስ ዝሳተፉ፡ ምልኣተ-ጉባኤ ኮሚተ ይህሉ። § 25 ንምሕላፍ ውሳነታት ብዝምልከት'ውን ተፈጻምነት ይህልዎ።

(4) ብቦርድ ተቛጻጸርቲ ኽማላእ ዘለዎ ግቡኣት ንዝርዝራቱ ብዝምልከት፡ በቲ ብእኡ ዝቐውም ናይ ኣሰራርሓኡን ኣካይድኡን ደንቢ ወይ ሕጊ ይንጸር። ነፍስ-ወከፍ ኣባል ቦርድ ተቛጻጸርቲ ቕዳሕ ናይ ደንቢ ኣሰራርሓኡን ኣካይድኡን ክዕደሎ ይግባእ። ኣባል ድማ ሓደ ቕዳሕ ከም ዝተቐበለ ብኽታሙ የፍልጥ።

(5) ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ ስርሖም ጥንቃቐን ጽፈትን ክዘውትሩ ይግባእ። ከም ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ ስርሖም ዝረኸብዎ ሓበሬታትን ምስጢራትን ናይ ሓባራዊ ትካል ከምኡ'ውን ናይ ኣባላትን ዓማዊልን ብምስጢር ናይ ምሓዝን ምዕቃብን ግዴታ ይህልዎም።

(6) ካብ ንጥፈታት ትካል ዝተረኽበ ፍርያት ወይ ውጽኢት መሰረት ብምግባር፡ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ጸማ (ንኣብነት ጉንዖ) ክቕበሉ ኣይፍቀድን። ወጻኢታት ብዝተሸፈነ ግን፡ ብሓፈሻዊ ኣኼባ ዝውሰን ናይ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ጸማ ኽህሉ ይኽእል።

(7) ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣብ ፍርዳውን ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ኣብ ዝቐርቡን ጉዳያት ንሓባራዊ ትካል ይውክል።

(8) ውሳነታት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብኣቦ መንበሩ፡ ንሱ ኣብ ዘይክእለሉ ድማ ብምኽትሉ ይፍጸም።

## § 23 - ሓባራዊ ኣኼባታት ቦርድታት ኣመሓደርትን ተቛጻጸርትን - ፍቓድ ዘድልዮም ጉዳያት

(1) ቦርድታት ኣመሓደርትን ተቛጻጸርትን ብዛዕባ መትከላት ኣመሓድራ ትካል ሓቢሮም ድሕሪ ምምኽኻር፡ ነንበይኖም ኮይኖም ብድምጺ ይውስኑ።

(2) እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ፍቓድ ቦርድ ተቛጻጸርቲ የድልዮም፡-

ሀ) ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ተመሳሳሊ መሰላትን ምዕዳግን ኣብ ልዕሊኡ ምህናጽን ከም ትሕጃ ምትሓዝን ምሻጥን። ተኣዋዲ ገንዘብ ትካል ንምውሓስ ዝግበር ዕድጊ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ተመሳሳሊ መሰላትን ኣይምልከቶን።

ለ) ምዕዳግን ምሻጥን ንነዊሕ እዋን ናይ ዝጸንሕ ወፍርታት፣

ሐ) ፍሉይ ኣገዳስነት ዘለዎ ስምምዕ ውዕላት፡ ብፍላይ ቀሊል ዘይኮነ ተመላላሲ ግዴታታት ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ትካል ዝፈጥር ውዕላት። ንዝርዝራቱ ብዝምልከት ደንቢ ወይ ሕጊ ኣሰራርሓን ኣካይዳን ናይ ቦርድ ተቛጻጸርቲ የነጽሮ።

መ) ዝዕደል ተመላሲ ገንዘብ (§ 43)፣

ረ) ብመሰረት ዓንቀጻት 39፡ 39ሀ ዝግበር ምደባ ተቐማጢ ገንዘብ፣

ሰ) ናብ ማሕበራትን ካልኦት ውድባትን ከም ኣባል ምእታውን ካብኣን ምውጻእን፣

ሸ) ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝጋባኣሉ ቦታ ምውሳን፡ ኣባላት ብኣካል ከይተረኸቡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ምኪያድ (§ 36ሀ ንኡስ ዓንቀጽ 1)፡ ኣባላት ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ብኦንላይን ናይ ምስታፍ ተኽእሉ (§ 36ሀ ንኡስ ዓንቀጽ 5)፡ ኣብ ውሳነታት ናይ ብኣካል ጥራይ ተራኺብካ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይ ምክፋል ተኽእሎ (§ 36ለ)፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ብቪድዮን ብድምጽን ምምሕልላፍ (§ 36ሐ)፣

ቀ) ምፍቃድን ምስራዝን ጠቕላላ ስልጣን ውክልና (Prokura)፣

ቐ) ካብ ስቕተኛ ሽርክነት ዝብርከት ርእሰ-ማልን፡ ኣብ መኽሰብ ዘሳትፍ መሰል ብምሃብ ዝርከብ ርእሰ-ማልን ምቕባል፡ ከምኡ'ውን ቅኑዕነት ወይ ሓቀኛነት ናይ ትሑት ዝስራዕ ዕዳታት ምርግጋጽ፣

(3) ሓባራዊ ኣኼባታት ብኣቦ መንበር ቦርድ ተቛጻጸርቲ፡ ንሱ ኣብ ዘይክእል ድማ ብምኽትሉ ይጽዋዕ። § 25 ንኡስ ዓንቀጽ 5 ኣጸዋውዓ ኣኼባ ብዝምልከት'ውን ተፈጻምነት ይህልዎ።

(4) ካልእ ውሳነ እንተዘይሓሊፉ፡ ሓባራዊ ኣኼባታት ብኣቦ መንበር ቦርድ ተቛጻጸርቲ ወይ ብምኽትሉ ይምርሑ።

(5) ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኻብ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ኸምኡ'ውን ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኻብ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ፡ ኣቦ መንበር ወይ ምኽትሉ ዘለዎ ምስ ዝርከቡ፡ ቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ምልኣተ-ጉባኤ ይህልዎም።

(6) ንውሳነ ዝቐርብ ወይ ዝኣቱ ምልከታ ካብ ቦርድ ኣመሓደርቲ ኸምኡ'ውን ካብ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ዓብላሊ ድምጺ ምስ ዘይረክብ ንጹግ ይኸውን።

(7) ከም መረጋገጺ መታን ከገልግሉ፡ ዝሓለፉ ውሳነታት ኣብ ናይ ሓባር ደቓይቕ (ፕሮቶኮል) ክምዝገቡ ይግባእ። ኣብኡ'ውን ውጽኢት ናይ በበይኖም ዝሃብዎ ድምጺ ኽምዝገብ ይግብኦ። ብተወሳኺ § 19 ንኡስ ዓንቀጽ 3 ከምኡ'ውን § 25 ንኡስ ዓንቀጽ 6 ተፈጻምነት ይህልዎ።

## § 24 - ኣቀዋውማን ኣመራርጻን ቦርድ ተቛጻጸርቲ

(1) ቦርድ ተቛጻጸርቲ እንተወሓደ ብሰለስተ እንተበዝሐ ብሓሙሽተ ኣባላት ይቐውም። ብሓፈሻዊ ኣኼባ ዝምረጹ ኾይኖም፡ ብዝሓም'ውን ክምረጹ እንክለዉ ብልክዕ ይውሰን። ናብ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ርእሶም ዝኽእሉ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ዘነጥፉ ወይ ንኸም'ዚኦም ዓይነት ኣባላት ናይ ምውካል ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ጥራይ ኽምረጹ ይግባእ። ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ ርእሲ ዘሎዎም መዝነት እንተላይ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ቀወምቲ ምኽትላት ናይ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ጠቕላላ ስልጣን ውክልና ዘሎዎም (Prokuristen) ወይ ጠቕላላ ስራሕ ትካል ንምኪያድ ዝተፈቕደሎም ፍሉይ ስልጣን ውክልና ዘሎዎም (Handlungsbevollmächtigte) ወኪላት ክኾኑ ኣይፍቀድን።

(2) ኣብ ምምራጽ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ዝቐርቡ እማመታት (ሓሳባት)፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ቕድሚ ምክያዱ ደንጉዩ እንተተባህለ 7 መዓልቲ ኣቐዲሙ ንሓባራዊ ትካል ብጽሑፍ ክቐርብ ይግባእ። መሰል ምምራጽ ዘሎዎ ኲሎም ኣባላት ብዛዕባ ነፍስ-ወከፍ ንምርጫ ዝቐርብ ሕጹይ ድምጹ ናይ ምሃብ ዕድል ይህልዎ። ኣብ ምምራጽ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ'ውን §§ 33 ተፈጻምነት ይህልዎ።

(3) ዕድመ መዝነት ካልእ እንተ ዘይተወሲኑ ንሰለስተ ዓመታት ይኸውን። ምርጫ ዝተኻየደሉ ሓፈሻዊ ኣኼባ ምስ ተዛዘመ፡ ዕድመ መዝነት ይጅምር። ድሕሪ ምርጫ ኣብ ሳልሳይ ዓመቱ ዝጋባእ ሓፈሻዊ ኣኼባ ምስ ምዝዛሙ ድማ መዝነት ዕድመ ይውዳእ። ብኣባልነት ናብ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ዝተመረጸላ ፊስካዊ ዓመት ኣብ'ዘን ሰለስተ ዓመት ክትቑጸር ወይ ክትሕሰብ ይግባእ። ሓደ ሲሶ ካብ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ዓመታዊ ኽሰናበቱ ይግባእ። ኣብ መዝነት ዝጸንሕሉሉ ዕድመ ወይ ዓመት ንኽሰናበቱ ወሳኒ ረቋሒ ኾይኑ፡ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ መዝነት ዝጸንሑሉ ዕድመ ማዕረ ምስ ዝኸውን ብዕጫ ይውሰን። ቍጽሪ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብሰለስተ ዝምቀል ምስ ዘይከውን፡ ዝነኣሰ ወይ ዝወሓደ ኽፋል መጀመርታ ይሰናበት። ዳግማይ ምምራጽ ፍቑድ ይኸውን።

(4) ኣባል ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ ሓደ ምዝጉብ ሓባራዊ ትካል ኣባል ምስ ዝኸውን፡ ኣባልነቱ ድማ ምስ ዝቋረጽ፡ መዝነቱ'ውን ብኡንብኡ የቋርጽ። ንኻልኦት ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎም ወይ ዘይብሎም ኣካላት ንምውካል ዝተፈቐዶም ኣካላት'ውን፡ ናይ

ምውካል ስልጣኖም ምስ ዝቋረጽ'ውን ዝቋረጽ ይኸውን። ምቑራጽ ኣባልነት ወይ ስልጣን ውክልና ብዝምልከት ዘይምቅዳው ምስ ዝህሉ፡ እዚ ሓባራዊ ትካል ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዘሎዎ ወይ ዘይብሉ ኣካል ንኣባልነት ወይ ስልጣን ውክልና ኣመልኪቱ ብጽሑፍ ዝህቦ መግለጺ ወሳኒ ይኸውን።

(5) ኣባላት ጊዜ መዝነት ከይተወድአ ምስ ዘንሳሕቡ፡ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ኣብ ዝመጽእ ስሩዕ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኽሳዕ ተካእቲ ዝመርጽ ነቶም ዝተረፉ ኣባላት ጥራይ ሒዙ ስርሑ ይቕጽል። ተካእቲ ዝምረጽሉ ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣቐዲሙ ኽካየድ ዘድሊ፡ ቑጽሪ ኣባላት ቦርድ ተቖጻጸርቲ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ብዝሒ ምስ ዝትሕት ጥራይ ይኸውን። ዝምረጹ ተካእቲ እቲ ዝተረፈ ካብ ዕድመ መዝነት ክሳዕ ዝውዳእ ይኾኑ።

(6) ካብ ቦርድ ኣመሓደርቲ ዝተሰናበቱ ኣባላት ናብ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ኽምረጹ ዝኽእሉ ካብ ጠቕላላ ስራሕ ቦርድ ኣመሓደርቲ ምስ ተናገፉ ጥራይ ይኾኑ።

## § 25 - ኣቓሚ ኣኼባ፣ ኣወሃህባ ውሳነ

(1) ቦርድ ተቖጻጸርቲ ድሕሪ ነፍስ-ወከፍ ዝካየድ ምርጫ ካብ ማእከሉ ኣቦ መንበርን ጸሓፍን ከምኡ'ውን ምክትላቶም ኮይኖም ዘገልግሉ ይመርጽ። ቦርድ ተቖጻጸርቲ ኣመቓርሓ መዚ ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ጊዜ ሓድሽ ውሳነ ኽወስድ ስልጣን ይህልዎ።

(2) ኣኼባታት ቦርድ ተቖጻጸርቲ ብኣቦ መንበር፡ ንሱ ኣብ ዘይክለሉ ድማ ብምኽትሉ ይጽዋዕ። ኣቦ መንበርን ምኽትሉን ገና ዘይተመርጹ እንተኾይኖም ወይ ድማ ተመሪጾም ግን ክካፈሉ ምስ ዘይክእሉ፡ ኣኼባታት ቦርድ ተቖጻጸርቲ በቲ ብዕድመ ዝዓበየ ኣባል ቦርድ ይጽዋዕ።

(3) ካብ ኣባላት ቦርድ ተቖጻጸርቲ፡ ኣቦ መንበር ወይ ምኽትሉ ዘለውዎ፡ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ምስ ዝካፈሉ ምልኣተ-ጉባኤ ይህሉ። ውሳነታቱ ድማ ኣባላት ብዝህብዎ ብቑዕ ዝኾነ ዓብላሊ ድምጺ የሕልፍ። ከይተዋህበ ዝተረፈን ብቑዕ ዘይኮነን ድምጺ ኣይቑጸርን። ናይ ድምጺ ጃላነት (Stimmengleichheit) እንተ'ጋጢሙ፡ ዝቐረበ እማመ ወይ ሓሳብ ንጹግ ይኸውን። ኣብ ምርጫ ናይ ድምጺ ጃላነት ምስ ዘጋጥም ብዕጫ ይውሰን። § 33 ድማ ተፈጻምነት ይህልዎ።

(4) ኣቦ መንበር ቦርድ ተቖጻጸርቲ ወይ ምኽትሉ ዝኣመሞ ወይ ዘቕረቦ ሓሳብ እንተኾይኑ፡ ብወገን ኣባላት ቦርድ ተቖጻጸርቲ ድማ ዝቃወሞ ምስ ዘይህሉ፡ ኣኼባ ኸይተጸውዐ'ውን ብጽሑፍ ወይ ብኻልእ ናይ ርሑቕ መራኸቢ ድምጺ ብምሃብ ውሳነ ኽሓልፍ ፍቑድ ይኸውን።

(5) ኣኼባ ቦርድ ተቖጻጸርቲ እንተወሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ፍርቂ ዓመት ኪጋባእ ይግባእ። ብተወሳኺ ብዓይኒ ረብሓ ሓባራዊ ትካል ኣድላዪ ኾይኑ ምስ ዝርከብ ወይ ድማ ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ፍርቂ ኻብ ኣባላት ቦርድ ተቖጻጸርቲ ዕላማን ምኽንያትን ናይ'ቲ ኣኼባ ብጽሑፍ ብምግላጽ ምስ ዝጠልቡ፡ ኣቦ መንበር ኣጀንዳ ብምሕባር ኣኼባ ኽጽውዕ ይግባእ። እዚ ጠለብ ተቐባልነት ምስ ዘይረክብ፡ ኣመልከትቲ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ጉዳይ ብምሕባር ኣኼባ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ባዕሎም ክጽውዑ ይኽእሉ።

(6) ኣብ መጻኢ መወከሲ መታን ክኸውን፡ ዝጸደቑ ውሳነታት ኣብ ደቓይቕ (ፕሮቶኮል) ክምዝገቡ ወይ ክስነዱ ይግባእ። ደቓይቕ ተኸታታሊ ቑጽሪ ተዋሂብዎም፡ ብኣቦ መንበር ወይ ብምኽትሉ ከምኡ'ውን ብጸሓፊ ወይ ብምኽትሉ ይፍረሙ።

(7) ረብሓ ናይ ሓደ ኣባል ቦርድ ተቖጻጸርቲ ወይ ናይ በዓልቲ ቤቱ ወይ መጻምድቱ፡ ናይ ወለዱ፡ ናይ ደቁን ናይ ኣሕዋቱን ወይ ናይ ሓደ ብሕጊ ወይ ብስልጣን ውክልና ብእኡ ዝተወከለ ሰብ ዝጸልው ጉዳያት ሓባራዊ ትካል መዘራረቢ ወይ መመያየጢ ኣርእስቲ ምስ ዝኸውን፡ እዚ ኣባል እዚ ቦርድ ኣብ ዝካየድ ናይ ውሳነ ዝርርብን ድምጺ ምሃብን ክካፈል ፍቑድ ኣይከውንን። ውሳነ ቕድሚ ምሕላፉ ግን ቓሉ ኽስማዕ ይግባእ።

## ሐ) ሓፈሻዊ ኣኼባ

### § 26 - ትግባረ መሰላት ኣባል

(1) ንጉዳያት ሓባራዊ ትካል ብዝምልከት ኣባላት ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ መሰሎም የተግብሩ። ባዕላቶም መሰሎም ከተግብሩ ይግባእ።

(2) ነፍስ-ወከፍ ኣባል ሓደ ድምጺ ይህልዎ።

(3) ሓደ ኣባል ካብ ሓደ ክሳብ 5 ብርኪ ምስ ዝውንን ሓደ ድምጺ፡ ካብ 6 ክሳብ 50 ብርኪ ምስ ዝውንን ክልተ ድምጺ፡ ካብ 51 ክሳብ 5000 ብርኪ ምስ ዝውንን ሰለስተ ድምጺ ይህልዎ (ብዙሕ ድምጺ ናይ ምህላው መሰል/ Mehrstimmrecht)። ነዚ ብዝምልከት ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ፊስካዊ ዓመት ዝነበረ ኹነታት ዋንነት ብርኪ ወሳንነት ይህልዎ። ሓደ ኣባል ብዙሕ ድምጺ ናይ ምህላው መሰል ኣብ ዝጥቀመሉ፡ ካብ'ቶም ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝህልዉ ጠቕላላ ድምጺ እንተበዝሐ ሓደ ዕስሪት ጥራይ ክኸውን ይግባእ።

(4) ከወዓሉ ሕጋዊ ብቕዓት ዘይብሎም ወይ ድሩት ሕጋዊ ብቕዓት ዘሎዎም ውልቀ ሰባትን ሕጋዊ ሰብነት ዘሎዎም ኣካላትን ናይ ምድማጽ መሰሎም ብሕጋዊ ወኪል ከተግብሩ እንክለዉ፡ ሕጋዊ ሰብነት ዘይብሎም ማሕበራት (Personengesell-schaften) ድማ ንምውካሎም ብዝተፈቕዶም ወነንቲ ብርኪ (Gesellschafter) ጌሮም የተግብሩ።

(5) ኣባላት ከምኡ'ውን ሕጋውያን ወኪላቶምን ንምውካል ዝተመዙ ወነንቲ ብርክን ኣብ ክንድኦም ኮይኑ ዘድምጽ ወኪል ክውክሉ ይኽእሉ (§ 43 ንኡስ ዓንቀጽ 5 ናይ ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን/ Genossenschaftsgesetz)። ብሞት ዝተፈለየ ኣባል (§ 7) ሓያሎ ወረስቲ ምስ ዝህልውዎ፡ ብሓደ ስልጣን ውክልና ዘሎዎ ሓባራዊ ወኪል ጥራይ ናይ ምድማጽ መሰሎም የተግብሩ። ሓደ ወኪል ካብ ክልተ ኣባላት ንላዕሊ ኺውክል ኣይክእልን። ኣባላት ሓባራዊ ትካል፡ መዋስብቶም (በዓል/ቲ ቤት) ወይ መጻምድቶም፡ ወለዲ፡ ውሉዳት ወይ ኣሕዋት ጥራይ ስልጣን ውክልና ክፍቀዶም ይከኣል። ወይ ድማ ስልጣን ውክልና ምስ ዝህብ ኣካል ናይ ሽርክና ወይ ናይ ስራሕ ዝምድና ዘሎዎ ኽኸውን ይግባእ። ናይ ምእጋድ መልእኽቲ ዝተላእኾም (§ 9 ንኡስ ዓንቀጽ 5) ከምኡ'ውን ብንግዳዊ ምኽንያት ወይ መዓላ ውክልና ዝሓቱ ኣካላት ውክልና ኽወሃቦም ኣይከኣልን።

(6) ናይ ምድማጽ መሰል ዘሎዎም ሕጋውያን ወይ ዝተመዙ ወኪላት ወይ ስልጣን ውክልና ዝተዋህቦም ኣካላት፡ ኣኼባ ዝመርሕ ኣቦ መንበር ምስ ዝጠልቦ፡ መረጋገጺ ስልጣን ውክልናኦም ብጽሑፍ ከቕርቡ ይግባእ። ኣብ § 36ሀ ንኡስ ዓንቀጽ 4 ተደንጊጉ ዝርከብ በዚ ዝግዛእ ኣይኮነን።

(7) ኣባል ወይ ዝተወከለ ኣባል ካብ ተሓታትነት ወይ ካብ ግዴታ ናጻ ኽግበር ወይ ድማ ሓባራዊ ትካል ኣብ ልዕሊኡ ወይ ኣብ ልዕሊ ዝተወከለ ኣባል ዝህልዎ ናይ ይግባኣኒ ጠለብ ኽረጋግጽ ኣሎዎዶ ዝብል ጉዳይ ምስ ዝኸውን፡ እዚ ኣባል እዚ ኣብ ክንድ ገዛእ ርእሱ ወይ ኣብ ክንድ ካልእ ናይ ምድማጽ መሰል ኣይህልዎን። ውሳነ ቅድሚ ምሕላፉ ግን ቃሉ ኽስማዕ ይግባእ።

### § 27 - ደረት ጊዜን ቦታ ኣኼባን

(1) ስሩዕ ሓፈሻዊ ኣኼባ ፊስካዊ ዓመት ድሕሪ ምውድኡ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክካየድ ይግባእ።

(2) ካብ ስሩዕ ወጻኢ ዝኾነ ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ከከም ኣድላዪነቱ ብቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ብቦርድ ተቛጻጸርቲ ኺጽዋዕ ይከኣል። ዕላማን ምኽንያትን ኣኼባ ብጽሑፍ ብምቕራብ፡ ኣባላት ሓባራዊ ትካል ሓፈሻዊ ኣኼባ ንኽጽዋዕ ክሓትቱ ይኽእሉ። እዚ ንኽትግበር ብወገን ኣባላት እንተወሓደ ናይ ሓደ ዕስሪት ጠለብ የድሊ (§ 28 ዓንቀጽ 2 ርአ)።

(3) ቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቖጻጸርትን ካልእ መጋባእያ ቦታ እንተ ዘይመዲቦም ወይ ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ጥራይ ንኽካየድ እንተ ዘይወሲኖም፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ቦታ ሓባራዊ ትካል ይጋባእ።

## § 28 - ኣጸዋውዓ ኣኼባን ኣጀንዳን

(1) ሓፈሻዊ ኣኼባ ብቦርድ ተቖጻጸርቲ ብኣቦ መንበሩ ይጽዋዕ። ቦርድ ኣመሓደርቲ ብመሰረት § 44 ንኡስ ዓንቀጽ 1 ናይ ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (GenG) ዘህልዎ መሰላት በዚ ኣይጽሎን።

(2) ኣባላት ሓባራዊ ትካል ዕላማን ምኽንያትን ናይ ኣኼባ ብጽሑፍ ብምግላጽ ሓፈሻዊ ኣኼባ ንኽጽዋዕ ክጠልቡ ይኽእሉ። እዚ ጠለብ'ዚ ብወገን ኣባላት እንተወሓደ ናይ ሓደ ዕስሪት ክኸውን የድሊ።

(3) ሓፈሻዊ ኣኼባ ንዅሎም ኣባላት ብጽሑፍ ድሕሪ ምሕባር ይጋባእ። ኣብ መንጎ ሓበሬታ (ንኡስ ዓንቀጽ 7) ዘበጽሓሉን ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝጋባኣሉን ዘሎ ጊዜ፡ እንተወሓደ ናይ ክልተ ሰሙን ናይ ጊዜ ፍልልይ ክህሉ ይግባእ። ኣኼባ ኽጽዋዕ እንከሎ ድማ ኣጀንዳ ይተሓበር። §§ 36ሀ ክሳብ 36ሐ ዘሎ መምርሒ በዚ ኣይጽሎን።

(4) ኣጀንዳ ሓፈሻዊ ኣኼባ በቲ ናብ ኣኼባ ዝጽውዕ ኣካል ይስራዕ። ኣባላት ሓባራዊ ትካል ዕላማን ምኽንያትን ብጽሑፍ ብምግላጽ ንውሳነ ዝቐርቡ ጉዳያት ኣብ ዝጋባእ ሓፈሻዊ ኣኼባ ንዘተ ወይ ንኽትዕ ክቐርበሎም ክጠልቡ ይኽእሉ። እዚ ንምትግባር ካብ ኣባላት እንተወሓደ ናይ ሓደ ዕስሪት ጠለብ የድሊ።

(5) ኣቐዲሞም እንተደንጉየ ሓደ ሰሙን ሓፈሻዊ ኣኼባ ቅድሚ ምኽያዱ ንዘተ ዘይተሓበሩ ጉዳያት ብዝምልከት ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይ ኣባላት ውሳነ ክሓልፍ ኣይፍቀድን። እዚ ግን ብዛዕባ ኣገባብ ኣካይዳ ኣኼባ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ንምክያድ ዝቐርብ እማማ ንዝግበር ውሳነ ዝምልከት ኣይከውንን።

(6) ውሳነ ዘይሓልፈሎም ወይ ዘይጸድቀሎም እማመታትን ዘርርባትን ግን ክሕበሩ ኣድላዪነት ኣይህልዎምን።

(7) ኣብ ንኡስ ዓንቀጻት 3 ከምኡ'ውን 5 ዝተጠቕሱ ጉዳያት ብዝምልከት፡ ናይ ምሕባር ወይ ምንጋር ደረት ጊዜ (Frist) ክጅምር ክልተ መዓልቲ ኽተርፎ እንከሎ ሓበሬታ እንተተላኢኹ ከም ዝበጽሐ ይሕሰብ።

## § 29 - ኣቦ መንበር ኣኼባ

ሓፈሻዊ ኣኼባ ብኣቦ መንበር ቦርድ ተቖጻጸርቲ ወይ ምኽትሉ ይምራሕ። ሓፈሻዊ ኣኼባ ብቦርድ ኣመሓደርቲ ዝተጸውዐ ምስ ዝኸውን፡ ሓደ ካብ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ነቲ ኣኼባ ብኣቦ መንበርነት ይመርሖ። ኣቦ መንበርነት ናብ ካልእ ኣባል ሓባራዊ ትካል ወይ ናብ ሓደ ወኪል ናይ ኦዲት ዝገብር ሕጋዊ ተቖጻጻሪ ማሕበር ብውሳነ ኽመሓላለፍ ዝከኣል ይኸውን። ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝመርሕ ኣቦ መንበር ደቓይቕ ወይ ፕሮቶኮል ኣኼባ ዝምዝግብ ጸሓፍን ድምጽታት ዝቖጽሩ ሰባትን ይመዝዝ።

## § 30 - ንውሳነ ዝቐርቡ ጉዳያት

ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ውሽጣዊ ሕጊ ትካል ተጠቒሶም ኣብ ዝርከቡ፡ ብፍላይ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ውሳነ ናይ ምሕላፍ መዝነት ይህልዎ፡-

ሀ) ምሕያሻ ውሽጣዊ ሕጊ

ለ) ምፍራስ ሓባራዊ ትካል

ሐ) ቀጻልነት ሓባራዊ ትካል ድሕሪ ዝተወሰነ ምፍራስ

መ) ብመሰረት ድንጋገታት ሕጊ ዳግመ-ውደባ ማሕበራት ናይ ጀርመን (Umwandlungsgesetz) ዝካየድ ምጽንባርን ምምቃልን ውድባዊ ለውጥን ናይ ሓባራዊ ትካል

ረ) ካብ ተራድኣዊ ማሕበራትን ፈደረሽናትን ምውጻእ

ሰ) ምንጻግ ምዘዛ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ

ሸ) ምጽዳቕ ዓመታዊ ፊናንስያዊ መግለጺ ወይ ኣጠቓቕማ ዓመታዊ መኽሰብ ወይ ኣሸፋፍና ዓመታዊ ኽሳራ ከምኡ'ውን ዝርጋሐ ጸብጻብ መርማሪ ኦዲተር

ቀ) ቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ካብ ተሓታትነት ናጻ ምግባር

ቐ) ምምራጽ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርትን ምውሳን ዝወሃቦም ጻማን

በ) ምእጋድ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ካብ ሓባራዊ ትካል

ቨ) ኣብ ልዕሊ ኣባላት ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብመዝነቶም ምኽንያት ዝካየድ ሕጋዊ ስጉምቲ ወይ መስርሕ ብውክልና ዝመርሕዎ ኣካላት ምምራጽ

ተ) ዝወሃብ ለቓሕ ብዝምልከት ብመሰረት § 49 ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (Genossenschaftsgesetz) ዝግበር ድረታ ምውሳን

ቸ) ምጽዳቕ ክፍሊት ኣባልነት

ነ) ብመሰረት § 12 ፊደል ሸ ዝግበር ወቕታዊ ኣበርክቶታት ምውሳን

## § 31 - ኣድላዪነት ዓብላሊ ድምጺ

(1) ብሕጊ ወይ ብውሽጣዊ ሕጊ ትካል ካብ'ዚ ዝበዝሕ ድምጺ (größere Mehrheit) እንተ ዘይተኣዘዙ፡ ውሳነታት ሓፈሻዊ ኣኼባ ብዝተዋህበ ዓብላሊ ድምጺ (einfache Mehrheit) ይሓልፉ።

(2) ኣብ § 30 ፊደል ሀ) – ሰ), በ)ን ነ)ን ተጠቒሶም ዝርከቡ ጉዳያት ካብ ዝወሃብ ድምጺ ናይ ሰለስተ ርብዒ ድጋፍ የድልዮም።

(3) ብመሰረት ድንጋገታት ሕጊ ዳግመ-ውደባ ማሕበራት ናይ ጀርመን (Umwandlungsgesetz) ዝካየድ ምጽንባርን ምምቃልን ውድባዊ ለውጥን ናይ ሓባራዊ ትካል ከምኡ'ውን ቀጻልነት ናይ ዝፈረሰ ሓባራዊ ትካል ውሳነ ቕድሚ ምሕላፉ፡ ቃል ናይ ኦዲት ዝገብር ሕጋዊ ተቛጻጻሪ ማሕበር ክሰማዕ ይግባእ። ቦርድ ኣመሓደርቲ ካብ ኦዲት ዝገብር ሕጋዊ ተቛጻጻሪ ማሕበር ኪኢላዊ ጸብጻብ ወይ ገምጋም ንምርካብ ብእዋኑ ኽመልከት ወይ ክሓትት ኣሎዎ። እዚ ጸብጻብ ድማ ንሓፈሻዊ ኣኼባ ኽንበበሉ ይግብኦ።

(4) ብዙሕ ድምጺ ናይ ምሃብ መሰላት ብዝምልከት § 26 ንኡስ ዓንቀጽ 3 ተፈጻምነት ይህልዎ።

## § 32 - ካብ ተሓታትነት ናጻ ምግባር

ንቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ካብ ተሓታትነት ናጻ ምግባር ብዝምልከት፡ ኣብ በበይኑ ብዝወሃብ ድምጺ ይውሰን። ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ኾኑ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ'ዚ ውሳነ መሰል ምድማጽ ኣይህልዎምን።

## § 33 - ምሃብ ድምጽን ምምራጽን

(1) ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ምሃብ ድምጽን ምምራጽን ብቕሉዕ ይኸውን። ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ወይ ብዛዕብኡ ኣብ ምውሳን ካብ ዝተዋህበ ብቑዕ ድምጺ እንተወሓደ ሓደ ርብዒ ምስ ዝጠልቦ፡ ድምጺ ምሃብን ምምራጽን ብስቱር ክኸውን ይግባእ። ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ብኣካል ዝካየድ ኣኼባ ቕድሚ ምኽያዱ፡ ኣብ ኣኼባ ዝወሃብ ድምጽን ዝግበር መረጻን ብኦንላይን ንኽካየድ ክውስን ይኽእል።

(2) ናይ ድምጺ ጀላነት እንተኣጋጢሙ ዝቐረበ እማመ ወይ ሓሳብ ንጹግ ይኸውን። ኣብ ምርጫ ድማ ኸም'ዚ ምስ ዘጋጥም ብዕጫ ይውሰን።

(3) ድምጺ ኣብ ዝቕጸረሉ፡ ዝተዋህበ ድምጺ ጥራይ ይቕጸር። ከይተዋህበ ዝተረፈን ብቑዕ ዘይኮነን ድምጺ ኣይቕጸርን።

(4) መረጻ ብቕሉዕ ዝካየድ እንተኾይኑ፡ ነፍስ-ወከፍ ዝምደብ መዝነት ድምጺ ኽወሃቦን መረጻ ኽካየደሉን ኣድላዪ ይኸውን። ዝምረጽ ድማ እቲ ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸበ ይኸውን። ብዝሒ ናይ'ቶም ንምርጫ ዝቐርቡ ሕጹያት ካብ ዝወሃብ መዝነት ዘይበዝሕ ምስ ዝኸውን፡ ዝቃወሞ እንተዘየለ ብሓንሳዕ ብጅምላ (en bloc) ድምጺ ኽወሃብ ዝከኣል ይኸውን።

(5) መረጻ ብስቱር ዝካየድ እንተኾይኑ፡ ናይ ምምራጽ መሰል ዘሎዎ ነፍስ-ወከፍ መራጺ ኽንድ'ቲ ዝወሃብ ወይ ዝምደብ መዝነት ክንድኡ ድምጺ ይህልዎ። ነቶም ብድምጹ ኽመርጾም ዝደሊ ሕጹያት ኣብ መምረጺ መረቐት ይረቕሖም። ንሓደ ሕጹይ ሓደ ድምጺ ጥራይ ክወሃብ ይፍቀድ። ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸቡ ሕጹያት ድማ ይምረጹ።

(6) ዝተመርጸ ሰብ ድሕሪ ምምራጹ ንምርጫ ይቕበሎ ድዩ ኣይቕበሎን ንሓባራዊ ትካል ብኡ ንብኡ ኽፍልጥ ይግባእ።

(7) ሓባራዊ ትካል ብዙሕ ድምጺ ናይ ምሃብ መሰል (Mehrstimmrechte) እንተ'ፍቂዱ፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዝውሰድ ውሳነ ብዝሒ ወይ ቍጽሪ ናይ ዝተረኽቡ ድመጽታት ክረጋገጽ ይግባእ።

## § 34 - መሰል ምርካብ ሓበሬታ

(1) ነፍስ-ወከፍ ኣባል ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ብዝጠለቦ መሰረት ንጉዳያት ሓባራዊ ትካል ብዝምልከት፡ ንኣጀንዳ ቐሪቡ ዘሎ ጉዳይ ብግቡእ ንምግምጋም ኣድላዪ ኾይኑ ምስ ዝርከብ፡ ሓበሬታ ኽወሃቦ ይግባእ።

(2) ሓበሬታ ምሃብ ዝንጸገሉ ኹነት፡

ሀ) ብርትዓዊ ንግዳዊ ግምገማ ተራእዩ፡ ዝወሃብ ሓበሬታ ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ትካል ቀሊል ዘይኮነ ጉድኣት ከውርድ ይኽእል ምስ ዝበሃል፤

ለ) ምስ ኩነታት ዕደጋ ናይ ሓባራዊ ትካልን መበገሲ ገምጋሙን ወይ ኣገማግማኡን ዝተኣሳሰር ሕቶ ምስ ዝኸውን፤

ሐ) ንትመናታት (Wertansätze) ዝምልከት ሕቶ ምስ ዝኸውን፤

መ) ዝወሃብ ሓበሬታ ብገበን ዘቕጽዕን ብመሰረት ሕጊ ወይ ውሽጣዊ ሕጊ ትካል ወይ ውዕል ብምስጢር ናይ ምሓዝ ግዴታ ዝጥሕስ ይኸውን ምስ ዝበሃል፤

ረ) ዝድለ ሓበሬታ ንውልቃዊ ወይ ትካላዊ ኹነታት ናይ ሳልሳይ ወገን ዝምልከት ምስ ዝኸውን፤

ሰ) ምስ ኣባላት ቦርድ ኣመሓደርቲ ወይ ኣባላት ሓባራዊ ትካል ዝተገብረ ስምምዕ ውዕል ስራሕ ዝምልከት ምስ ዝኸውን፤

## § 35 – ደቓይቕ (ፕሮቶኮል) ናይ ኣኼባ

(1) ብሓፈሻዊ ኣኼባ ዝጸድቁ ውሳነታት ከም መረጋገጺ ወይ መወከሲ ንክኸውን ኣብ ደቓይቕ ክምዝገቡ ኣሎዎም። ዝምዝገቡ ደቓይቕ ድማ ተኻታታሊ ቑጽሪ ይወሃቦም። ዝሓልፉ ውሳነታት ሕጋዊ ተፈጻምነት ንኽህልዎም ምዝገባ ደቓይቕ ኣቕዲሙ ኽማላእ ግድን ኣይኮነን።

(2) ሓፈሻዊ ኣኼባ ድሕሪ ምኽያዱ እንተደንጉየ ኣብ ውሽጢ ኽልተ ሰሙን ደቓይቕ ክዳለው ይግባእ። ቦታን መዓልትን ወይ እዋን ኣኼባ፡ ስም ኣቦ መንበር ኣኼባ ከምኡ'ውን ኣገባብን ውጽኢትን ናይ ዝተዋህበ ድምጽን ንውሳነ ዝምልከት ብኣቦ መንበር ኣኼባ ዝግበር መግለጺታትን ኣብ ደቓይቕ ክጥቀስ ኣሎዎ። ደቓይቕ ብኣቦ መንበር ሓፈሻዊ ኣኼባን ጸሓፍን ከምኡ'ውን እንተወሓደ ብሓደ ኣብ ኣኼባ ዝተሳተፈ ኣባል ቦርድ ኣመሓደርቲ ክፍረም ይግባእ። ምስ ኣኼባ ዝተኣሳሰር ሰነዳት ኣብ መዝገብ ደቓይቕ ከም ጥብቆ ክተሓዝ ኣሎዎ።

(3) ኣብ § 47 ንኡስ ዓንቀጽ 3 (ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን GenG) ተጠቒሶም ዘለዎ ጉዳያት ብዝምልከት፡ ኣብ ኣኼባ ናይ ዝተኻፈሉ ወይ ዝተወከሉ ኣባላትን ናይ ኣባላት ወኪላትን ዝሓዘ ሊስታ ኣብ መዝገብ ደቓይቕ ከም ጥብቆ ክተሓዝ ኣሎዎ።

(4) ደቓይቕ ምስ ኩሉ ተወሳኺ ሰነዳቱ ኽዕቀብ ይግባእ። ዝኾነ ኣባል ሓባራዊ ትካል ንመዝገብ ደቓይቕ ክሪኦ ፍቑድ ይኸውን።

(5) ብተወሳኺ ኣብ §§ 36ሀ፡ 36ለ ናይ ውሽጣዊ ሕጊ ተጠቒሱ ዝርከብ ጉዳያት ብዝምልከት፡ ብተወሳኺ ሊስታ ኣብ ውሳነ ናይ ዝካፈሉ ኣባላት ኣብ ደቓይቕ ክስነድን ኣብኡ ድማ ብዛዕባ ኣገባብ ኣወሃህባ ድምጺ ዘረድእ ሓበሬታ ክምዝገብ ይግባእ።

## § 36 - ተሳታፍነት ማሕበራት

ወኪላት ናይ ኦዲት ዝገብር ሕጋዊ ተቛጻጻሪ ማሕበር ኣብ ኩሉ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኽሳተፉን ክዋስኡን መሰል ይህልዎም።

## § 36ሀ - ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ሓፈሻዊ ኣኼባ ምኽያድ

### (ብማንዛ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ) ፡ ብኣካል ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ብኦንላይን ምስታፍ

(1) ኣባላት ብኣካል ከይተረኽቡ'ውን ሓፈሻዊ ኣኼባ ኽካየድ ይከኣል (ብማንዛ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ)። ከም'ዚ ምስ ዝካየድ፡ ኣባላት ናብ ኣኼባ ኣብ ዝጽውዕሉ ኣጋጣሚ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ብዘይ ዝኾነ ድረታ ንኽሳተፉ ዘኽእል እኹል ሓበሬታ ኽወሃቦም ይግባእ። ብፍላይ ብዛዕባ መእተዊ ዝርዝር ዳታ (access data) ከምኡ'ውን በየናይ ኣገባብ ናይ ምዝራብን ናይ ምምልካትን ናይ ምሕባርን ድምጺ ናይ ምሃብን መሰል ክትግበር ከም ዝከኣልን ብኸመይ መገድን ኣበየናይ እዋንን ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ድምጺ ኽወሃብ ከም ዘሎዎን ዘረድእ ሓበሬታ ዝሓቘፈ ኽኸውን ይግባእ።

(2) ብማንዛ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኽልተ ሸንኽ ብዘራኽብ ተክኒካዊ መሳለጥያ ማለት ብሓደ ሸንኽ ኣብ መንጎ ኣባላትን ቦርድታት ትካልን ብኻልእ ሸንኽ ድማ ኣባላት ኣብ ነንሓድሕዶምን ክኸውን ይኽእል።

(3) ብማንዛ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ንምስታፍ ዘኽእል ተክኒካዊ መሳለጥያ፡ መስርሕ ድምጺ ምሃብ ቅድሚ ምኽያዱ ኣብ ዝህሉ ናይ ምይይጥ መድረኽ ንኽልተ ሸንኽ ዘራኽብ ማለት ኣባላት ምስ ቦርድታት ትካልን ኣብ መንጎኦምን ክኸውን ይኽእል። ኣብ መንጎ መድረኽ ምይይጥ ዝጅምረሉን መስርሕ ምሃብ ድምጺ ዝውድኣሉን ዘሎ ጊዜ ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝካየደሉ ጊዜ ይኸውን። ደረት ጊዜ ኽቕኣር ወይ ክሕሰብ ምስ ዝድለ፡ መድረኽ ምምይጥ ዝጅምረሉ ከም ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝፈለመሉ ዕለት፡ መስርሕ ምሃብ ድምጺ ዝውድኣሉ ድማ ከም ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝውድኣሉ ዕለት ኮይኑ ኽውሰድ ይግባእ።

(4) ሓፈሻዊ ኣኼባ ዝካየደሉ መዓልቲ እንተደንጉየ ሰሙን ከተርፎ እንከሎ፡ መረጋገጺ ስልጣን ውክልና ንቦርድ ኣመሓደርቲ ብጽሑፍ ምስ ዝቐርብ፡ ብማንዛ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ብውክልና ድምጺ ምሃብ (§ 26 ንኡስ ዓንቀጽ 5) ፍቑድ ይኸውን።

(5) ቦርድ ኣመሓደርቲ ምስ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብምስምማዕ እንተወሲኑ፡ ኣባላት ብኣካል ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ብኣካል ከይተረኽቡ'ውን ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ክሳተፉን ብኦንላይን ናይ ምድማጽ መሰሎም ከተግብሩን ይኽእሉ (ብኣካል ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ብኦንላይን ምስታፍ)። ብዝተረፈ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ንኡስ ዓንቀጻት ተፈጻምነት ይህልዎም።

### § 36ለ - ብኣካል ጥራይ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ዝሓልፍ ውሳነ ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ምክፋል

(1) ብኣካል ብምርኻብ ጥራይ ኣብ ዝካየድ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ዝሓልፍ ውሳነ ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ምስታፍ ፍቑድ ምስ ዝኸውን፡ ብጽሑፍ ወይ ብኦንላይን ዝወሃብ ድምጺ ብኸመይን ክሳዕ መዓስን ክግበር ከም ዘለዎ ኣኼባ ኣብ ዝጽወዓሉ ኣጋጣሚ ኽሕበር ኣሎዎ።

(2) § 36ሀ ንኡስ ዓንቀጽ 4 ድማ ተፈጻምነት ይህልዎ።

### § 36ለ - ሓፈሻዊ ኣኼባ ብቪድዮን ብድምጽን ምምሕልላፍ

ኣኼባ ብቪድዮን ብድምጽን ምምሕልላፍ ፍቑድ ይኸውን። ቦርድ ኣመሓደርቲ ምስ ቦርድ ተቖጻጸርቲ ብምስምማዕ ሓፈሻዊ ኣኼባ ብቪድዮን ብድምጽን ንምምሕልላፉን ንኣገባቡን ብዝምልከት ናይ ምውሳን ሓላፍነት ኣሎዎ። ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝመሓላለፍ ኣኼባ ኣብ ዝጽዋዓሉ ጊዜ ኽንገር ይግባእ።

## ፬) ርእሰ-ማል

### § 37 - ብርክን ርእሰ-ማል ትካልን

(1) ዋጋ ሓደ ብርኪ 500,- ዩሮ (500 Euro) ይኸውን። ነፍሰ-ወከፍ ኣባል ኣብ ሓባራዊ ትካል ብኣባልነት ተቐባልነት ምስ ረኸበ፡ እንተወሓደ ሓደ ብርኪ (ግዴታዊ ብጽሒት ገንዘብ) ክዕድግን ዝብጽሖ ኽፍሊት ብቕልጡፍ ብምሉኡ ኽኸፍሎን ግዴታ ይህልዎ።

(2) ቦርድ ኣመሓደርቲ ብጸኒሕ ዝኽፈል ኣገባብ (Ratenzahlung) ምስ ዘፍቅድ፡ ኣባል ኣብ ሊስታ ድሕሪ ምምዝጋቡ 50,00 ይሮ ብኡ ንብኡ ኽኸፍል ይግባእ። ብድሕሪኡ ኻብ ዝስዕብ ወርሒ ጀሚሩ ዝምልከቶ ኽፍሊት ብምሉኡ ኽሳዕ ዝሽፈን ወርሓዊ 50,00 ይሮ ኽኸፍል ግዴታ ይህልዎ። ኣባል ዝምልከቶ ኽፍሊት ብምሉኡ ኽሳዕ ዝዓጽዎ ብሓባራዊ ትካል ዝወሃብ ጸማን ምቅሊት መኽሰብን ናብ ሕሳብ ትካል ይጸሓፍ።

(3) ኣባል ብፍቓድ ቦርድ ኣመሓደርቲ ተወሳኺ ብርኪ ወይ ብርክታት ክዕድግ ዝከኣል ኮይኑ፡ እዚ ብፍታዉ ዝዕድጎ ብርኪ ወይ ብርክታት ዝፍቀደሉ ግን ኣቐዲሙ ኽኸፍሎ ዘሎዎ ኽፍሊት ብምሉኡ ምስ ከፈሎ ጥራይ ይኸውን።

(4) ኣባል ተወሳኺ ብርኪ ወይ ብርክታት ክዕድግ ከም ዝደሊ ብጽሑፍ ክገልጽ ኣሎዎ። ቦርድ ኣመሓደርቲ ብዘፍቀደሉ፡ እቲ ዝውሰኽ ብርኪ ወይ ብርክታት ኣብ ሊስታ ናይ ኣባላት ክምዝገብ ይግባእ።

(5) ብኣባል ዝግበር ናይ ብርኪ ወይ ብርክታት ክፍሊት ምስ ካልእ ኣታዊታት ብምድማር፡ ካብኡ ድማ ንሽፋን ክሳራ ዝኸውን ድሕሪ ምጉዳል ዝርከብ ውጽኢት ወይ ድምር ናይ ኣባል ሕሳብ ይኸውን።

(6) ኣባል ካብ ሓባራዊ ትካል ክሳዕ ዘይተሰናበተ፡ ዝኸፈሎ ናይ ብርኪ ወይ ብርክታት ገንዘብ ብሓባራዊ ትካል ክምለሶ ወይ ከም መመዓራረዪ ናይ ዕዳ ወይ ከም መተኣማመኒ ትሕጃ ኣብ ንጥፈታት ትካል ክጥቀመሉ ኣይፍቀድን። ዕዳ ዘሎዎ ዝተኸፍለ ሕሳብ ገንዘብ ክስልሰል ወይ ክነሓፍ ዘይከኣል ኮይኑ፡ ኣባል ድማ ነዚ ሕሳብ ከም መመዓራረዪ ወይ መተኻኸሊ ናይ ካልእ ሕሳብ ክጥቀመሉ ኣይፍቀድን።

(7) ዝኣተወ ናይ ብርኪ ገንዘብ ናብ ሳልሳይ ወገናት ክመሓላለፍ ወይ ከም ትሕጃ ክተሓዝ ዘይፍቐድ ኾይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሓባራዊ ትካል ድማ ተፈጻምነት ኣይህልዎን። ኣባል ንዝኸፈሎ ናይ ብርኪ ገንዘብ ብሓባራዊ ትካል ንዝተዓደዮ ኸም መመዓራረዪ ወይ መተኻኸሊ ኽጥቀመሉ ኣይፍቀድን። ንምድቕቓስ ንብረት ወይ ገንዘብ ብዝምልከት § 10 ተፈጻምነት ይህልዎ።

### § 38 - ሕጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ

(1) ብሕጊ መሰረት ዝቐውም ተቐማጢ ገንዘብ (gesetzliche Rücklage) ኣብ ሚዛን ሕሳብ ንዝፍጠር ክሳራ መሸፈኒ ይኸውን።

(2) ዝቐውም ሕጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ፡ ዝሰግር መኽሰብ (Gewinnvortrag) ድሕሪ ምድማርን ዝሰግር ክሳራ (Verlustvortrag) ድሕሪ ምጒዳልን፡ 10% ካብ ዓመታዊ ጽሩይ መኽሰብ ከምኡ'ውን ብሓባራዊ ትካል ካብ ዝውጠን ዳግመ-ኽፍሊት (Rückvergütung) ካብ 5% ዝዛይድ መጠን ብምውሳኽ ዓመታዊ ዝቐመጥ ይኸውን። ካብ 25% ናይ ጠቕላላ ሚዛን ሕሳብ (Bilanzsumme) ክዛይድ ኣይግባእን።

### § 39 - ተወሳኺ ተቐማጢ ገንዘብ

(1) ኣብ ልዕሊ ሕጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ፡ ዝሰግር መኽሰብ (Gewinnvortrag) ድሕሪ ምድማርን ዝሰግር ክሳራ (Verlustvortrag) ድሕሪ ምጒዳልን፡ ካብ ዓመታዊ ጽሩይ መኽሰብ እንተወሓደ 10% ብምምዳብ ተወሳኺ ተቐማጢ ገንዘብ (Ergebnisrücklage) ይቐውም። ብቦርድ ኣመሓደርቲ ብመሰረት § 2 ዝምደብ ተቐማጢ ገንዘብ ኣብ'ዚ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ካልእ ዝቕመጥ ገንዘብ'ውን ክውሰኽን ክቐውምን ዝከኣል ይኸውን። ቦርድ ኣካየድትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ኣጠቓቕምኡ ብዝምልከት ብሓባራዊ ኣኼባ ይውስንዎ (§ 23 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ፊደል ረ)።

(2) ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ኽዳሎ እንከሎ፡ ቦርድ ኣመሓደርቲ ካብ ዝርከብ መኽሰብ ናይ ዓመት ካብ ፍርቂ ዘይዛይድ ገንዘብ ናብ ተወሳኺ ተቐማጢ ገንዘብ ክምድቦ ዝከኣል ይኸውን። ቦርድ ኣመሓደርቲ ኣጠቓቕማኡ ብዝምልከት ይውሰን።

(3) ሓፈሻዊ ኣኼባ ንተወሳኺ ተቐማጢ ገንዘብ ኣብ ሚዛን ሕሳብ ንዘጋጥም ክሳራ ኸም መሸፈኒ ናይ ምጥቃም መሰሉ ሕሉው ይኸውን።

### § 39ሀ - ደጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ

ክፍሊት ኣባልነት ምስ ዝኽፈል፡ ናብ ደጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ (Kapitalrücklage) ዝምደብ ይኸውን። ቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ኣጠቓቕምኡ ብዝምልከት ብሓባራዊ ኣኼባ ይውስንዎ (§ 23 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ፊደል ረ)። ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ሚዛን ሕሳብ ንዝርከብ ክሳራ ኸም መሸፈኒ ናይ ምጥቃም መሰል ይህልዎ (§ 45)።

### § 40 - ግደታ ተወሳኺ ምኽፋል

ኣብ ልዕሊ ኣባላት ካልእ ተወሳኺ ናይ ምኽፋል ግዴታ ኣይህሉን።

## ፫) ኣተሓሕዛ ሕሳብ

### § 41 - ፊስካዊ ዓመት

(1) ፊስካዊ ዓመት ናይ ሓባራዊ ትካል ዓውደ ኣዋርሓዊ (ካለንደራዊ) ዓመት ይኸውን።

(2) ቀዳማይ ፊስካዊ ዓመት ሓባራዊ ትካል ኣብ ዝምዝገበሉ ዓመት ይጅምር። ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ ዕለት 31.12. ናይ'ቲ ዓመት ድማ ይውዳእ።

## § 42 - ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጽን ጸብጻብ ምሕደራን

(1) ቦርድ ኣመሓደርቲ ፊስካዊ ዓመት ምስ ሓለፈ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ፡ ከምኡ’ውን ብሕጊ ተደላዪ ምስ ዝኸውን ጸብጻብ ምሕደራ ናይ ዝሓለፈ ፊስካዊ ዓመት ከዳሉ ይግባእ።

(2) ቦርድ ኣመሓደርቲ ብመሰረት § 16 ንኡስ ዓንቀጽ 2 ፊደል ሸ) ፋይናንስያዊ መግለጺ፡ ከምኡ’ውን ብሕጊ ተደላዪ ምስ ዝኸውን ጸብጻብ ምሕደራ ንቦርድ ተቛጻጸርቲ ኽይደንጎየ ኽቕርበሉ ይግባእ። ቦርድ ተቛጻጸርቲ ድማ ርእይቶኡ ሓዊሱ ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ ናብ ዘጽድቕ ሓፈሻዊ ኣኼባ የቕርበሉ።

(3) ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጺ፡ ብሕጊ ተደላዪ ምስ ዝኸውን ድማ ጸብጻብ ምሕዳራ፡ ከምኡ’ውን ጸብጻብ ናይ ቦርድ ተቛጻጸርቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓባራዊ ትካል ወይ ኣብ ካልእ ዝፍለጥ ቦታ ወይ ብኣባላት ጥራይ ኣብ ክብጻሕ ዝኽእል ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ሓባራዊ ትካል ወይ ብኻልእ ኣገባብ፡ እንተደንጎየ ሓደ ሰሙን ቅድሚ ሓፈሻዊ ኣኼባ ምኪያዱ ኣባላት ከም ዝፈልጥዎ ኽግበር ይግባእ።

(4) ቦርድ ተቛጻጸርቲ ብዛዕባ ዓመታዊ ፋይናስያዊ መግለጺ ከምኡ’ውን ብሕጊ ተደላዪ ምስ ዝኸውን ብዛዕባ ጸብጻብ ምሕደራ (§ 22 ንኡስ ዓንቀጽ 2) ዘካይዶ መርመራ ብዝምልከት ጸብጻቡ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኽቕርቦ ይግባእ።

## § 43 - ዳግመ - ኽፍሊት

ቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ሚዛን ሕሳብ ቅድሚ ምድላዎም ብዛዕባ ምቕረሓ ዳግመ-ኽፍሊት (Rückvergütung) ይውስኑ። ኣባላት ብቦርድ ኣመሓደርትን ቦርድ ተቛጻጸርትን ኣብ ልዕሊ ዝተወሰነ ዳግመ-ኽፍሊት ሕቶ ወይ ጠለብ ከቕርቡ መሰል ይህልዎም።

## § 44 - ምደባ ዓመታዊ መኽሰብ

(1) ሓፈሻዊ ኣኼባ ድንጋገታት ወይ መምርሒታት ሕግን ውሽጣዊ ሕጊ ትካልን ብዝእዝዞ መሰረት ብዛዕባ ምደባ ዓመታዊ መኽሰብ ይውስን። ዝተዓደገ ብርኪ ወይ ብርክታት ብምሉኡ ኽሳዕ ዝሸፈን ወይ ብዓመታዊ ኽሳራ ዝተረኸበ ጒድለት ንምሽፋን ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ኽሳዕ ዝምላእ፡ ካብ ዓመታዊ መኽሰብ ንኣባል ዝምልከት ብጽሒት ናብ ሕሳብ ትካል ይጸሓፍ።

(2) ሕሳብ ኣባላት § 1 ብዘየገድስ እንተወሓደ ናይ 1% ወለድ ይህልዎ። § 21ሀ ናይ ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (GenG) ክኸበር ይግባእ።

## § 45 - ሽፋን ዓመታዊ ኽሳራ

(1) ሽፋን ዓመታዊ ኽሳራ ብዝምልከት ሓፈሻዊ ኣኼባ ይውስን።

(2) ዓመታዊ ኽሳራ ናብ ሓድሽ ሕሳብ እንተዘይሰገር ወይ ተወሳኺ ተቐማጢ ገንዘብ ብምጥቃም ሽፋን እንተዘይረኸበ፡ ብሕጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ ወይ ብደጋዊ ተቐማጢ ገንዘብ ወይ ካብ ሕሳብ ብርክታት ኣባላት ብዝውሰድ ወይ ድማ እዞም ዝተጠቕሱ ኣገባባት ብምውህሃድ ክሽፈን ይግባእ።

(3) ገንዘብ ትካል ዓመታዊ ኽሳራ ንምሽፋን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል እንተኾይኑ፡ ነፍስ-ወከፍ ኣባል ካብ’ዚ ዓመታዊ ኽሳራ ዝስከሞ ብጽሒት ይህልዎ። እዚ ብጽሒት’ዚ ኣብ መጀመርታ ናይ’ቲ ዓመታዊ ኽሳራ ዝወረደሉ ፊስካዊ ዓመት ብመንጽር ብርክታት ናይ ኩሎም ኣባላት ዝህልዎ ምጣነ ተራእዩ ዝሕሰብ ይኸውን።

## ፺) ምጽራይ

### § 46 - ምጽራይ

ሓባራዊ ትካል ድሕሪ ምፍራሱ ብመሰረት መምርሒ ሕጊ ተራድኦታት ጀርመን (Genossenschaftsgesetz) ይጸረ። ምክፍፋል ንብረት ሓባራዊ ትካል ብዝምልከት፡ ኣባላት ብጽሒቶም ምስ ተኸፍሉ ዝርከብ ተረፍ፡ ሕጊ ከም ዝእዝዞ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ብመሰረት ምጣነ ብጽሒቶም ይመቓቐል።

## ፺፩) ምልክታ

### § 47 - ምልክታ

ብሕጊ ወይ ብውሽጣዊ ሕጊ ትካል ካብ'ዚ ዝፍለ እንተ ዘይተኣዚዙ፡ ምልክታታት ሓባራዊ ትካል ብስም ትካሉ ኣብ Bundesanzeiger (ፈደራዊ ነጋሪት) ይወጽእ። ኣስማት ናይ'ቶም ዘውጽዎ ሰባት ክሰፍር ይግባእ። ዓመታዊ ፋይናንስያዊ መግለጽን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝወጽእ ሰነዳትን፡ ብሕጊ ዝእዘዝ ክሳዕ ዝኾነ፡ ኣብ ደብተር ትካል ጥራይ ብስም ሓባራዊ ትካል ከም ዝፍለጥ ይግበር።

## ፺፪) ክለ - ስልጣን

### § 48 - ክለ - ስልጣን

ኣብ መንጎ ኣባልን ሓባራዊ ትካልን ካብ ዝምድና ኣባልነት ንዝተላዕለ ወይ ንኽለዓል ዝኽእል ክርክራት ብዝምልከት፡ እዚ ሓባራዊ ትካል ኣብ ዝተመዝገበሉ ቦታ ዝርከብ ቤት-ፍርዲ ኸባቢ (Amtsgericht) ወይ ቤት-ፍርዲ ዞባ (Landgericht) ናይ ምፍትሒ ኽለ-ስልጣን ይህልዎ።